# መቓልሕ

ብቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ በብክልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ ሰነ 30/2016 ዓ.ም. ሕታም ቁፅሪ 660 ብነፃ ዝዕደል



ፕረዚደንት ጌታቸው ረዳ ተኸላ ፈልሲ እናካየዱ

## ስራሕቲ ሓምለዋይ ልምዓት ትግራይ ተመሊሶ ንክጥጥዕ ህዝቢ ክረባረበሉ ይግባእ ተባሂሉ

ብተኽለማርያም ፅጋይ

ስራሕቲ ሓምለዋይ ልምዓት ተመልሶ ንክጥጥዕ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ክረባረበሉ ኣለዎ ክብሉ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ገሊፆም።

ኣብ ቀፅሪ ግቢ ራያ ዩኒቨርስቲ ስነ ስርዓት ምጅማር ተኸላ ፈልሲ ዞባ ደቡብ ትግራይ ዘካየዱ ፕረዚደንት ጊዝያዊ ምምሕዳር ኣይተ ጌታቸው ረዳ፤ ኣብ ኹሉ ከባቢታት ትግራይ ብምኽንያት ኩናት ዓንዮም ዝነበሩ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር

## ናይ ሎሚ ዘበን ምድንፋዕ ክረምታዊ ማእቶት ቁልፊ ዋሕስ ህልዉና ህዝቢ ትግራይ ምዃኑ ተገሊፁ

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ብሓፈሻ ኣብ መላእ ትግራይ ኣብ ምህርቲ ዘመን 2016/17 ምድንፋዕ ክረምታዊ ማእቶት ናይቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት መተካእታ እቶት ምእታዉን ቁልፊ መረጋገፂ ህልውና ህዝቢ ምዃኑ ሓረስታይ ፈሊጡ ብዕቱብ ክሰርሐሉ ከምዘለዎ መምርሒ ሕርሻ እቲ ዞባ ገሊፁ።

ተወካሊ መምርሒ ሕርሻ ዞባ ደቡብ ትግራይ ኣይተ መልኣኩ ግርማይ ከምዝበልዎ፡- ኣብቲ ዞባ ካብ ዘሎ ልዕሊ 143 ሽሕ ሄክታር ተሓራሲ መሬት ምሉእ ብምሉእ ብዘራእቲ ብምሽፋን ብሓፈሻ ሰለስተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚልዮን ኩንታል ንምሕፋስ ተተሊሙ። እዚ ንምሕፋስ ሓረስቶት እቲ ዞባ ኩሎም ስራሕቲ ምድላዋት ይውግኑ ምህላዎም ብምግላፅ ካብ ተፀባ ይነትን ኢድካ ንርዳእታ ምዝርጋሕን ዘውፅእ፣ ህዝቢ ብጥሜት ከይጠፍእ ዝገብር ልዑል እቶት ክሕፈስ ከሎ ምዃኑ ሓረስታይ ክፈልጥን ክሰርሐሉን ከምዝግባእ ሓቢሮም።

ሓረስታይ እቲ ዞባ ኣብዚ ክረምቲ ዝተዓፃፀፈ እቶት ንክሓፍስ መሬቱ ደጋጊሙ ከለሳልስ፣ ጠሊ ዓቀብቲ ስራሕቲ ብዘይምቁራፅ ክሰርሕ ኮታስ ኩሎም እቶት ዘድንፍዑ ስራሕቲ ክዉግን ከምዘለዎ ብም ሕባር ራያ ብሕፅረት ጠሊ ተጠቃዕቲ ካብ ዝኾኑ ከባብታት ትግራይ ሓደ እዩ። ዘሎ ሕፅረት ጠሊ ንምቕናስ ሎሚ ዓመት ፍልይ ብዝበለ ኣብ ገለ ከባብታት እቲ ዞባ ዶዘራትን እስክቫተራትን ብምእ ታዉ ስራሕቲ ጠሊ ምዕቃብ ከምዝተሰርሐ ኣይተ መልኣኩ ገሊፆም።

ኣብዚ ዘመነ ምህርቲ ቀረብ መዳበርያ ክሳብ 80 ሚኢታዊ ናብ ሓረስታይ ይጎዓዓዝን ይክፋፈልን ከምዘሎን ነገር ግና ብብርኪ ሃገር ምሩፅ ዘርኢ ከምዘለን ኣብቲ ዞባ 720 ኩንታል ምሩፅ ዘርኢ ጥራሕ ካብ ፕሮጀክታት ከምዝረከቡ። ብሓፈሻ ግና ኣብ ትግራይ ቀረብ ምሩፅ ዘርኢ ከምዘየለን ቢሮ ሕርሻ ትግራይ እዉን ምሩፅ ዘርኢ ከቕርብ ዘይክእል ምዃኑ ብኣዋጅ ኣፍሊጡ እዩ። ስለዚ ህዝቢ እቲ ዞባ ምሩፅ ዘርኢ የለን ኢሉ ተስፋ ክቖርፅ ከምዘይብሉን ኣድላይቲ ስራሕቲ ብምዉጋን ኣብቲ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር

## ምንቅስቓስ ደኣንት ኣብ ዕብየት ቑጠባ ከተማታት ዝለዓለ ብፅሒት ምህላዉ ተገሊፁ

ብኣሸናፊ ዘውዴ

ምንቅስቓስ ደኣንት ኣብ ዕብየት ቑጠባ ከተማታት ዝለዓለ ብፅሒት ብምህላዉ ኣብ ምጥንኻርን ምድጋፍን ደኣንት ብትኹረት ክስራሕ ከም ዘለዎ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቑጠባ ከተማ ኣኽሱም ኣፍሊጡ።

ኣብ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቑጠባ ከተማ ኣኽሱም መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ንግዲ ግልጋሎትን ደኣንት ኣይተ መብራህቱ ገ/ህይወት ከም ዝበልዎ፤ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ደኣንት ዘሎ ኩነታት ዳህሳስ ብምግባር ኣብ ሕሉፍ ዝነበሩ 4482 ትካላት ደኣንት ዝነበሩ ኮይኖም ድሕሪ እቲ ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ናብ ታሕቲ ዝወረድሉ ኩነታት ኣሎ። እቶም ብዳህሳስ ዝተፈለለዩ ኢተርፕራይዛት ደኣንት ብዘለዎም ዓቕሚ ናብ ስራሕ ዝኣትውሉ ኩነታት ከም ጅማሮ ተፈጢሩ እዩ።

ሎሚ ዓመት በቢ ዘርፉ ክትትልን ደገፍን ምግባር ዝተጀመረ ኮይኑ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዝተማልአ ክትትልን ደገፍን ተገይሩ ምባል ኣየድፍረን። እዚ ድማ ትካልት ፋይናንስ ብምሉእ ዓቕምን ልቓሕ ምሃብ ብዘይ ምጅማረንን ካልኦት ክፍተታትን ብምህ ላዎም ከም ቕድም ኢሉ ዝወሃብ ዝነበረ ደገፋት ንመንቀሳቐስቲ ደኣንት ኣይተገበረሎምን። ኮይኑ ግና ዝተጀማመሩ ስራሕቲ ደገፋት ብምህላዎም እዚኣቶም ኣጠናኺርካ ንምቕፃል ብትኹረት ይስራሕ ከም ዘሎ ኣይተ መብራህቱ ገሊፆም።

ኣብዚ ዓመት ናብ ስራሕ ዝኣትዋ ቑፅሪ ኢንተርፕራይዛት እናወሰኸ ብምምፅኡ ዕድል ስራሕ ዝፍጠ ረሎም ቑፅሪ ወገናት ኣብ ምውሳኽ ይርከብ። ኣብ'ዚ ዓመት ጥራሕ ልዕሊ 1200 ወገናት ኣብ መበገሲ መዋህለሊ ካፒታል ብግዚያዊ ዕድል ስራሕ ዝተፈ ጠረሎም ኮይኑ ኣስታት 550 ወገናት ድማ ብቐዋሚ ዕድል ስራሕ ከም ዝተፈጠረሎም እዩ። ኣብ ማይ ግል ጋሎት፣ ስራሕቲ መንገድን ካልኦትን ዓውዲ ስራሕን ድማ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ወገናት ዕድል ስራሕ ከም ዝተፈጠረሎም እቶም መተሓባበሪ ሓቢሮም።

ኣብታ ከተማ ሕቶ መስርሕን መሸጥን ቦታ ዝለዓለ ብምዃኑ ነቲ ዘሎ ጠለብ ንምምላእ ብትኹረት ይስ ራሕ ኣሎ። ንውስናት ምልስ ተጋደልቲ መስርሕን መሸጥን ቦታ ዝተውሃበ ኮይኑ እዚ ግና እኹል ኣይ ኮነን። ነቲ ዘሎ ጠለብ መስርሕን መሸጥን ቦታ ንምምላእ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ምርድዳእ ኣብ ምግባር ከም ዝርከቡ ኣይተ መብራህቱ ገሊፆም።

ኣብ ከተማ ኣብ ዘፈር ሕርሻ ዝሓሸ ምንቅስቓስ ኣሎ። ኣብ ዘፈር መፍረይቲ ድማ ፀገም ምትእስሳር ዕዳጋ፣ ምንኣስ ቐረብ ስሚንቶ፣ ሕፅረት ነዳዲ ብምህላዉን ካልኦትን ኣብ መፍረይቲ ዝተዋፈሩ ትካላት ደኣንት ዘለዎም ምንቅስቓስ ትሑት እዩ። ብመሰረት'ዚ ኣብ መፍረይቲ ትካላት ዘሎ ፀገም ንምፍታሕ ባዕሎም መፍርይቲ ትካላት ዝለዓለ ብፅሒት ዋላ ይሃልዎም ብተወሳኺ ድማ ዝምልከቶም ኣካላት እቲ ዘሎ ፀገም ንምፍታሕ ትኹረት ገይሮም ንክሰርሑ ኣይተ መብራህቱ ፃውዒቶም የቕርቡ።



ንክረምታዊ ማእቶት ዝተዳለወ ዘመናዊ ድኹዒ

## ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ መፍረያይነት ሕርሻ 2016/17 ዓ/ም ንምድንፋዕ ሰፊሕ ርብርብ ይግበር ከም ዘሎ ተሓቢሩ

ብኤልያስ መሓሪ

መፍረያይነት ሕርሻ 2016/17 ንምድንፋዕ ኹሎም መሓውራቱ ኣዋዲዱ ሰፊሕ ርብርብ ይገብር ከም ዘሎ ዘፈር ቑጠባ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ኣፍሊጡ።

ኣብ ዘፈር ቑጠባ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ኣማ ኻርን መተሓባበርን ሕርሻ ኣይተ ክብሮም ብስራት ከም ዝበልዎ፣ ከም ክልል ኣብቶም ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ብስንኪ ኵናትን ድርቅን ዘፈር ሕርሻ ብኸቢድ ተሃስዩ ከም ዝነበረ ዝፍለጥ ኾይኑ፣ ሎሚ ዘበን ነዚ ዘከሓሕስ ዕማም ንምውጋን፣ ካብ ጣብያ ክሳብ ዞባ ዝርከብ መንግስታዊ መሓውርን ምስ ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ዘይመንግስታዊ ትካላት ብምውዳድ ምድላዋት ተገይሮም እዮም።

ናብ ገፅ 4 ይዘውር

**ምዕሩይን ምዕቡልን ዋሕዚ ሓበሬታ ንምርግጋፅ ንሰርሕ ! !**

# ዞባታትና



ብኤሊያስ መሓሪ

## ከተማ ማይጫው

ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ዉሑስ ንምግባር ግደ ፀጥታ ኣካላት ጥራይ ከይኾነስ ተሳትፎ ኹሉ ሕብረተሰብ ከም ዝጠልብ ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ገሊፁ፡፡

መተሓባበሪ ስልጠና ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ተጋዳላይ ኣማረ ሃይለ፣ ኣብ ልዕሊነት ሕግን ሰብኣዊ መሰላትን ዘድህበ ዝወሃብ ዘሎ ስልጠና፣ ኣጋጢሙና ዘሎ ናይ ፀጥታ ፀገም ናብ ንቡር ንምምላስ ከም ዝዓለመ ድሕሪ ምግላፅ፣ ሐዚ ኣብ ትግራይ ዝረአ ዘሎ ጭካነ ዝተመልአ ገበን፣ ንባህሊን ክብርን ትግራዋይነት ዘይምጥን ስለ ዝኾነ ኹላትና ብሓደ ልቢ ክነወግዞ ይግባእ ክብሉ ገሊፆም።

ብሰንኪ እቲ ዝነበረ ወራር፣ ብገበንን ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰልን ኣብ ህዝብና ኸቢድ ፀገም የስዕቡ ንዘለዉ ኣካላት ንምቅላስን፣ ኩነታት ፀጥታ ትግራይ ናብ ንቡር ንምምላስን ግደ ፀጥታ ኣካላት ጥራሕ ከይኾነስ ተሳቲፎ ኹሉ ሕብረተሰብ ወሳኒ ከም ዝኾነ ዝሓበሩ ተጋዳላይ ኣማረ፣ ፈፃሚ ገበንን ገበን ዝፍፀመሉን ኣካል እቲ ሕብረተሰብ ስለ ዝኾኑ ህዝብና ብንቅሓት ብምስታፍ ገበን ዝፍፅሙ ኣካላት ብምቅላስ ህዝቢ ካብ ገበንን ስግኣት ገበንን ነፃ ኾይኑ ናብርኡ ብሰላማዊ መንገዲ ዝመረሐሉ ኩነታት ክፍጠር ይግባእ ክብሉ ገሊፆም፡፡
ሓላፊ ሰላምን ፀጥታን ዞባ ደቡብ ትግራይ ኣይተ ግርማይ ገብሩ ብግዲኦም፣ ዞባ ደቡብ ትግራይ ዳርጋ ፍርቂ መሬት ኣብ ትሕቲ ፀላኢ ከም ዝነበረ ኾይኑ፣ ሐዚ ዝተገበረ ስምምዕ ሲዒቡ ፅቡቅ ምዕባለታት ከም ዘሎን ሰላምን ፀጥታን ህዝቢ ዉሑስ ንምግባር ካብ ዞባ ክሳብ ጣብያታት ዝተጣየሻ ዉዳበታት ዕዉት ዝኾነ ስራሕ ንምስራሕ ሕብረተሰብ በዓል ዋና ኾይኑ ተሳቲፎኡ ከሐይል ከም ዝግባእ ሓቢሮም፡፡

ተሳተፍቲ እቲ ስልጠና ኣይተ ደስየ ኣያሌዉን ኣይተ ጫንያሌው ወ/ሚካኤልን ብወገኖም፣ ዝተዉሃቦም ስልጠና ኣዚዩ ጠቃሚ ከም ዝኾነን ኣብቲ ዝነበሮም ልምዲ ተወሳኺ ዓቕሚ ከም ዝፈጠረሎምን ድሕሪ ምግላፅ፣ ኣብ ታሕቲ ወሪዶም ንምስራሕ ናይ ፀጥታ ኣካላትና ብቑዕ ዝኾነ ስልጠና ከም ዘድልዮምን ህዝቢ ድማ ምስ ኣካላት ፀጥታ ብምትሕብባር ከባቢኡ ዉሑስ ክገብር ይግባእ ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም ክብል ሃፍታሙ ንጉስ ካብ ሓበሬታን ርክብን ከተማ ማይጨው ፀብፂቡ፡፡

## ወረዳ ኣሕፈሮም

ኣብ ወረዳ ኣሕፎሮም “ተክሊ ምዕባይ ማለት ሰብ ምዕባይ ማለት እዩ” ብዝብል መራሒ ሓሳብ ዋዕላ ደኒ ከም ዝተሳለጠ ምምሕዳር እታ ወረዳ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ዋዕላ ተረኺቦም መደረ ዘስምዑ ዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ ኣሕፈሮም ኣይተ ሓየሎም ገ/ፃድቃን ከም ዝሓበርዎ፣ ሐዚ ካብ እዋን ናብ እዋን እናወሰኸ ዝመፅእ ዘሎ መጠን ዋዒ ብሰንኪ ብረሰት ደኒ ምዃኑ ድሕሪ ምግላፅ፣ ነዚ ኩነታት ናብ ንቡር ንምምላስ፣ ተኽሊ ብምትካል፣ ብምሕላውን ብምንክብኻብን ቐትርን ለይትን ኢልና ክንሰርሕ ይግባእ ክብሉ ገሊፆም።

ምክትል ዋና ኣማሓዳርን ሓላፊ ዘፈር ቁጠባ ወረዳ ኣሕፈሮምን እንጅነር ሙሉጌታ ታረቀ ብግደኦም፣ ኣብዚ ዋዕላ ተራኺብና ዘለና ኣካላት ፀገማት ኣልዒላና መፍትሕታቶም ንምቕማጥ ከም ዝኾነ ኣሚንና፣ ካብ ልሙድን ሓፈሻውን ኣካይዳን ወፂእና ናብ ተግባር ክንኣቱ ይግባእ ድሕሪ ምባል፣ ማሕበረሰብ እውን ሓንቲ ተክሊ ኣብ ህይወቱ ዘለዋ ዋጋ ፈሊጡ ሓጋዚ ዝኾነሉን ናተይነት ተሰሚዕዎ ዝሰርሐሉን ወሳኒ እዋን ሕጂ እዩ ክብሉ ገሊፆም።

መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ሃፍቲ ተፈጥሮ ወረዳ ኣሕፈሮም ሃለቃ ሓጎስ ኪሮስ ብወገኖም፣ ዋና ዓላማ እዚ መድረኽ፣ ኣብ ምሕደራን ኣጠቃቕማን ሃፍቲ ተፈጥሮ ርኡይ ለውጢ ንምምፃእ ኣብ ወረዳ ኣሕፈሮም ዝርከቡ መፋስስት ንምሕዋይ፣ ልዕሊ 730 ሽሕ ተክሊ ንምትካል ይስራሕ ከም ዘሎ ኣገንዚቦም።
ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ብወገኖም እቲ ኣብ ብርሰት ደኒ ዝረአ ዘሎ ፀገም ባዕልና ዝፈጠርናዮ ፀገም ስለ ዝኾነ፣ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ብዝተዋደደ መልክዕ ተቓሊስና ንክንፈትሖ ድልዋት ኢና ክብሉ ገሊፆም ክብል መተሓባበሪ ሓበሬታን ርክብን ወረዳ ኣሕፈሮም ገ/ሂወት ኣስመላሽ ፀብፂቡ።

## ወረዳ ሓውዜን

ንዕውትነት ዓመታዊ ክፍሊት ግብሪ 2017 ዓ/ም ኹሉ ክረባረብ ይግባእ ክብል ቤት ፅሕፈት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ሓውዜን ገሊፁ።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ሓውዜን ኣይተ ዓንዶም ገ/ሃንስ ከም ዝበልዎ፣ ኣብ ምእካብ ግብሪ 2016 ዓ/ም ዝነበሩና ጉደለታትን ጥንካረታትን ብምእራምን ብምዕቃብን፣ ውዳበታት ከፈልቲ ግብሪ ብምጥንኻር፣ ሕግን ስርዓትን ፋይናንስ ተኸቲሉ ክስራሕን፣ ንዕውትነት እቲ መደብ ድማ ኹሉ ሓቢሩ ክረባረብን ይግባእ ኢሎም።

ዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ ሓውዜን ኣይተ ገ/ጅወርግስ ገ/ኪዳን፣ ካብ ህዝቢ ዝቐርብ ዘሎ ሕቶ ልምዓት ክንዲ ዝተኽኣለ መጠን ንምምላስ፣ ግብሪ ብእዋኑ ምእካብ ቐዳምነት ዝዋሃቦ ጉዳይ ምኻኑ ብምሕባር፣ ንዕውትነት እዚ መደብ ብሓደ መንፈስን ኣረዳድኣን ክረባረብን ከም ዝግባእ ኣተሓሳሲቦም።
እዚ ዝተብሃለ ዓመታዊ ክፍሊት ግብሪ 2017 ዓ/ም ዕውት ንምግባር ዘኽእል “ግብሪ ንሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ” ብዝብል መራሒ ሓሳብ፣ ምስ መሓውር ፋይናንስ፣ ኣመራርሓን መድረግትን ወረዳ ሓውዜን፣ መድረኽ ምልዕዓል ኣብ ዝተሳለጠሉ እዋን ዩ።

ኣብቲ መድረኽ ኣብ ኣፈፃፅማ መደብ ምእካብ ግብሪ 2016 ዓ/ም ዝነበሩ ጥንካረታትን ጉድለታትን፣ ቀፃሊ ኣንፈት ምእካብ ግብሪ 2017 ዓ/ም ብዝምልከቶም ክኢላታት ቐሪቡ ዘተ ተኻይድሉ እዩ።
ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ብወገኖም፣ ኣብ ከይዲ ምእካብ ግብሪ ንዘጋጥምዎም ዓንቀፍቀፋት ንምእላይ ሓገዝ ንክግበረሎም ብምሕታት፣ ነቲ መደብ ንምዕዋት ካብኦም ዝድለ ብፅሒት ከም ዝፍፅሙ ሓቢሮም።
ኣብ 2016 ዓ/ም ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት እቶት ወረዳ ሓውዜን፣ ልዕሊ 31 ሚልዮን ብር ግብሪ ከም ዝተኣከበን፣ ኣብ 2017 ዓ/ም ድማ፣ ልዕሊ 32 ሚልዮን ግብሪ ንምእካብ ትልሚ ተታሒዙ ከም ዘሎ ኣብቲ መድረኽ ተሓቢሩ እዩ ክብል ኪኢላ ፕረስ ወረዳ ሓውዜን ተኽለማርያም ተካ ፀብፂቡ።

## ወረዳ ኣበርገለ የጭላ

ኣብ ወረዳ ኣበርገለ የጭላ መድረኽ ማሕበረሰባዊ ልምዓት ተፋሰስ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ከም ዝተሳለጠ ምምሕዳር እታ ወረዳ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ዝተኻየደ መድረኽ ተረኺቡ መብርሂ ዝሃበ ተተካኢ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቑጠባ ወረዳ ኣበርገለ የጭላ ተጋዳላይ ሃይላይ ገ/ሄር ከም ዝበልዎ፣ ኣብዚ መድረኽ ጣብያ ኣመሓደርቲ፣ ሕርሻ ገጠር ልምዓት፣ ኣመራርሓ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት፣ ኣመራርሓ ተፋሰስ ኣቦ ወንበራትን ወረዳ ክኢላታትን ኣብ ዝተረኸብሉ ዝሳለጥ ዘሎ ኾይኑ፣ እቶም ብሕብረት ስራሕ ማሕበር ተወዲቦም ከባቢኦም ኣብ ምሕዋይን ምልማዕን ተዋፊሮም ዘለዉ ኣካላት ካብቲ ዘሕወይዎ ከባቢ ተጠቀምቲ ንምግባር ዝዓለመ ከም ዝኾነ ሓቢሮም።

ዋና ዕላማ ምምስራት እዘን ሕብረት ስራሕ ማሕበራት፣ ናይ ባዕለን ሕግን ስሪትን ኣውፂአን እቲ ተፋሰስ ብምሕዋይ ተጠቀምቲ ዝኾናሉ ዕድል ንምምችቻው ዝዓለመ መድረኽ ከም ዝኾነ ወሲኾም ገሊፆም።

ላዕለዋይ ክኢላ ምልዕዓልን ምዉዳብ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት እታ ወረዳ ኣይተ ተወልደመድህን ይሕደጎ ብጊደኦም፣ ዕላማ ምወዳብ እዘን ሕብረት ስራሕ ማሕበራት፣ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብር ተመሳሳሊ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ዘለዎም ማሕበረሰብ ብዉልቀ ወይ ብተናፀል ክፍትሑ ዘይኽእሉ ፀገማት ተወዲብኻ ንምፍታሕ ሓደ ዓይነት ሓሳብን ሓበራዊ ርድኢትን እምነትን ክህሊ ብምግባር፣ ከባቢና ብምድሓንን ብምልማዕን ኣባላት እተን ማሕበራት ማዕረ ኢኮኖምያዊ ተጠቃምነት ንምርግጋፅ ከምዝኾነ ብምዝኽኻር ብሰብ ሞያ ኣድላይ ዘበለ ኹሉ ዓይነት ሞያዊ ድጋፍ ከም ዝግበረሎም ገሊፆም፡፡

ካብ ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ዝኾነ ተጋዳላይ ደሳለይ ታከለ ብወገኑ፣ ኣብቲ ብሕብረት ስራሕ ማሕበር ተወዲቡ ዘሎ ኣካል ናተይነት ስምዒት ተሰሚዕዎ እንተሰሪሕሉ፣ ኣብ ኢኮኖምያዊ ተጠቃምነት ለዉጢ ክመፅሉ ዝኽእል ውዳበ ከም ዝኾነ ድሕሪ ምግላፅ፣ ሰብ ሞያ ከምቲ ጀሚርኹምዎ ዘለኹም ወሪድኹም ትኸታታላይ ዝኾነ ድጋፍ ክትገብሩ ይግባእ ኢሉ ክብል መተሓባበሪ ሓበሬታን ርክብን ወረዳ ኣበርገለ የጭላ ሃይለ ሓዱሽ ፀብፂቡ።

## ሰሜን ምዕራብ

ዝተዳኸመ ቁጠባን ዝበረሰ ከባብን ንምሕዋይ ብዝተዋደደን ተሳትፎ ሕብረሰተሰብን ንምፍፃም ይሰርሕ ከም ዘሎ ምምሕዳር ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣፍሊጡ።

እዚ ዝተሓበረ ብብርኪ ዞባ ኣብ በጀት ዓመት 2016 ዓ/ም ዝተፈፀሙን ኣብ ዝቕፅል በጀት ዓመት ክስረሑ ዝተትሓዙ ክረምታዊ መደባት ምድንፋዕ እቶት፣ ምሰሳን መፍረይነት ሕርሻ፣ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮን ምርግጋፅ ሓምለዋይ ልምዓትን ካልኦትን ኣብ ምፍፃም ዝተርኣዩ ጥንካረን ድኽመታትን ኣመልኪቱ ዝምልከቶም ኣመራርሓ ዞባ፣ ወረዳታትን ጣብያታትን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ከተማ ዓዲ ዳዕሮ ኣብ ዝተኻየደ ምኽክር መድረኽ እዩ።

ኣብቲ ምኽክር መድረኽ ተረኺቦም መደረ ዘስምዑ ምክትል ዋና ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ኣይተ ከላሊ ሓጋዚ ከም ዝበልዎ፣ ኣብቲ ዝዛም ዘሎ በጀት ዓመት ኣብ ሰራሕቲ ንግድን እቶትን ቆላሕታ ሂብኻ ብምስራሕ፣ ዘተባብዕ እቶት ንምእካብን ንቐፃላይ በጀት ዓመት ዝሐሸ መደላድል ንምፍጣር ከም ዝስራሕ ሓቢሮም።

ፅሬት ከተማታት ኣብ ምሕላውን ምስሳን መፍረያይነት ሕርሻን ብጥንካረ ዝግለፁ ስራሕቲ ከም ዘለዉ ዝሓበሩ ኣይተ ከላሊ፣ ኣብ ምክልኻል ብርሰት ደኒን ምዕቃብ ጠሊን ግና ተወሳኺ ስራሕ ከም ዘድሊ ወሲኾም ገሊፆም።
ኣብቲ መድረኽ ተረኺቦም ፀብፃብ ኣተኣኻኽባ እቶት ዝርዝር ኣፈፃፅማ 11 ወርሒ በጀት ዓመት 2016 ዓ/ም ዘቕረቡ ኣማኻሪ ልምዓት ከተማታት ኣይተ ሚላው ይሳቕ ከም ዝበልዎ፣ ስርዓት ንግድን እቶትን ብስርዓት ንምትግባርን ካብ መዛገጃቤታዊ እቶት ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ክእከብ ትልሚ ተታሒዙ ልዕሊ ዝተተሓዘ ትልሚ ከም ዝተኣከበ ገሊፆም።

ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ብወገኖም፣ ኣብዚ ዓመት ዝተርኣዩ ብሉፃት ስራሕቲ ከም መርኣያ ብምውሳድ ዝተርፉና ብምእራም፣ ኣቲናዮ ካብ ዘለና ናይ ምንባርን ዘይምንባር ሕቶ ክንወፅእ ዝምጥን ኹለ መዳይ ሰራሕቲ ብጊዜ የለን መንፈስ ከም ዝረባረቡ ቃል ኣትዮም ክብል መተሓባበሪ ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ መብራህቶም ተኸሉ ፀብፂቡ።

## ወረዳ ሳምረ

ኣብ ምክልኻል ውራ መሬት፣ ዘይሕጋዊ ህንፀት ኣባይቲ፣ ብርሰት ኣግራብን ዘይሕጋዊ ኹዕቲ መዓድንን ኣበርቲዑ ከም ዝሰርሕ ምምሕዳር ወረዳ ሳምረ ኣፍሊጡ።

እዙይ ዝተገልፀ ኣብታ ወረዳ ምስ ዝርከቡ ክኢላታት መሬት ምምሕዳር፣ ዓቀብቲ ሕጊን ኣካላት ፀጥታ ወረዳን ዝተሳተፍሉ ኣብ ዝተወሃበ ዓቕሚ መዕበይ ስልጠና እዩ።

ኣብቲ መድረኽ ተረኺቦም መብርሂ ዝሃቡ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ምሕደራን ኣጠቃቕማ መሬትን መዓድንን ወረዳ ሳምረ ኣይተ ገ/ስላሴ ተሰፋይ ከም ዝበልዎ፣ ከም ወረዳ ዝስፋሕፋሕ ዘሎ ውራ መሬት፣ ዘይሕጋዊ ህንፀት ኣባይቲ፣ ዘይሕጋዊ ኹዕቲ መዓድን ወርቅን ብርሰት ኣግራብን ብስርዓት ክመሓደሩን ዝተፈፀሙ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንክእረሙን ምስ ዝምልከቶም መድረግቲ ኣካላት ኾይኖም ከም ዝሰርሑ ኣፍሊጦም።

ኣብ ከይዲ እቶም ዘይሕጋዊ ስራሕቲ፣ ምዕፃውን ምድፋእን መንገዲታትን የጋጥም ከም ዘሎ ዝሓበሩ እቶም ሓላፊ፣ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዃን ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ተዘይተገይርሉ ናብ ዝኸፍአ ነገር ከየምርሕ፣ ኣብ ዝግበሩ ስርዓት ናይ ምትሓስ ስራሕቲ ኹሉ ነባራይ እታ ወረዳ ተሓባባራይ ንክኸውን መልእኽቶም ኣማሓላሊፎም።

ተሳተፍቲ እቲ ስልጠና ዝኾኑ ኣቦ ወንበራት መሬት ምምሕዳር ሽዱሽተ ጣብያታት እታ ወረዳ ብወገኖም፣ እዋኑ እዋን ክረምቲ ምስቲ ምዃኑ፣ ብፍላይ ኣብ ሕድ ሕድ ጣብያ ተወሪሩ ዘሎ ተሓራሳይ መሬት ተሎ ዕልባት ተዘይተገይርሩ፣ ጠንቂ ሰናይ ምምሕዳር ይኸውን ስለ ዘሎ ብዘይ ወዓል ሕደር ክእረም ከም ዘለዎ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም ክብል ክኢላ ፕረስ ወረዳ ሳምረ መንግስቱ ሓለፎም ፀብፂቡ።

**ምዕሩይን ምዕቡልን ዋሕዚ ሓበሬታ ንምርግጋፅ ንሰርሕ ! !**

## ንሕናን ተስፉናን

ኣብ ዓለም ዛጊድ 195 ሃገራት ተመዝጊበን ዝርከባ እንትኾና ካብዚኣተን 193 ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣፍልጦ ዝተወሃበን ክልተ ሃገራት ድማ ገና ንኣባልነት ዘመልከታ ክሳብ ሕዚ ዘይፀደቀለን እየን። ካብዚኣተን ናይ ፌደራል ስርዓት ዝኽተላ 25 ሃገራት እንትኾና ዳርጋ 40 ሚኢታዊ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ዝግልገለሉ ስርዓት እዩ። እዚ እንትርእ ዳርጋ ናብ ፍርቂ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ኣብ ፅላል ስርዓት ፌደራሊዝም ይርከብ። ሕቶ ርእሰ ምሕደራ ፌደራሊዝም ከምለስ ኣኽኢሉ እዩ። ኢትዮጵያ ከም ሃገር ድማ ካብተን ስርዓት ፌደራሊዝም ስርዓት ተግባራዊ ዝገበራ ሃገራት ምንባራ ዝፍለጥ እዩ። ይኹን እንበር ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ዓመታት ዝተርኣየ ኵናት ግና ኣንፃር ስርዓት ፌደራሊዝም ዝኮነ መንነትኻ፣ ቋንቋኻ፣ ባህልኻ ሃለዋትኻን ኢሉ እውን ኣብ ልዕሊ ሓደ ብሄር ትግራይ ዝበፅሐ ጨፍጫፍን ጀምላዊ ቅትለት /ጀኖሳይድ/ ክልላትን ካልኦት ባዕዳዊ ሃገራትን ኣሳቲፈን ዝፈፀመኦ ታሪክ ይቅረ ዘይብሎ ገበን ኮይኑ ተመዝጊቡ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ተኸባቢርካ ዘይትነብረሉ፣ ብመንነትኻን ቋንቋኻን ትዋረደሉ ኣብ ልዕሊ ዘርኢ ትግራይ ዘቅንዐ ኩለመዳያዊ መጥቃዕቲ ዝበፅሐ ብምዃኑ ብረታዊ ቃልሲ መማረፂ ተገይሩ ዝርኣየሉ ምንባሩ ኩሉ ዝዝክሮ ሓቂ እዩ።

እዚ መስክሕካሕን ጨፍጫፍን ዝበፅሖ ህዝቢ ትግራይ ከምቲ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ኢትዮጵያዊ ስምዒት ከይህልዎ በተን ኣባላት ፌደራል ዝኮና ክልላት ዝተገለለ ምንባሩ እዩ። ኣብ ምክብባር፣ ሓበራዊ ምርድዳእን ሓልዮትን ዘይምስረት ብገዛእትን ዓመፅትን ጎረባብቲ ተኸቢብኻ፣ ብባዕዳዊ ሃገራት መሬት ወሪሮም ሒዞም ህዝቢ ሰንሰን ኣቢሎም ክስደድን ተስፋ ክቆርፅን ዝገብር ንገዛእቲ ኢድ ክነስእ ዝህቅን ሓይሊ ከም ህዝቢ ቕቡልነት ምርካብ ከቢድ ዝገብሮ። ዛጊድ እውን ማእለያ ዘይብሉ ሞት ህይወት ተጋሩ፣ ዕንወት ንብረታትን፣ ምምዝባልን ትግራይ ነቲ ዝነበረ ተኸባቢርኻ ምንባር ናብ ሓሞክሽቲ ዝለወጠ እዩ። ከምዚ ኢሉ ክቕፅል ስለዘይነበሮ ህዝቢ ትግራይ "ተኾርሚኻ ሞት ኣሳፌሕካ ሞት" ኮይንዎ ኣንፃር ልፍንታዊ ወራር መዘና ኣልቦ ታሪክ መኺተ ኣካይዱ እዩ።

እቲ ብቑፅሩ ኣዝዩ ውሑድ ህዝቢ ነቶም ወረርቲ ብሰላማዊ ዘተን ምክብባርን ብፌደራላዊ ሕገመንግስቲ ክዳነ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ፕሪቶሪያ ብደም ዝተኸተመ ሰነድ ስምምዕ ፈሪሙ ናብቲ መጀመሪያ ዝነበረ ስርዓት ፌደራል ተመሊሱ ይርከብ። እንሆ ድማ ሕዚ እንኮ መፍትሒ ከም ሃገር ፖለቲካዊ ልዝብ ምዃኑ ኣብ ምርድዳእ ተበፂሑ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ፣ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ ጀሚሮም ኣለው። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ሰላማዊ ሃዋህው ብምዕሟቕ ብሄራዊ ስምዒትን ነድርን ፈጢርኻ ፀጋታት ብምጥቃም ናብ ዝነበርናዮ ፀፍሒ ኣተሓሳስባ ብምምላስ ድኽነት ንምምካት ቐትርን ለይትን ብምስራሕ ትግራይ ብዴሞክራስን፣ ብሰላምን ውሕስቲ ምግባር ዋኒን ኩሉ ይኸውን።ትግራይ ንዓለም ቀዲማ ሃሁ ዘቁፀረት ዜማታት ቅዱስ ያሬድ ዘምህረት ንተፈጥሮ ፍሉይ ትኹረትን ቕድን ፍልስፍናን ዝወነነ ኣኽሱማዊ ስነ ሓሳብ፣ ጥበብን ምዕባለን ዘግሃደ፣ ዘይነፅፍ ክብርታት ዘለዎ ህዝቢ ምዃኑ ፅባሕ ሓያልን ሰዓራይን ኮይኑ መሰስ ከምዝብል ኣየጠራጥርን።

እቲ ሕዚ ከም ፀገም ዘሎ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ምቁርራስን፣ ኵናት ዝፈጠሮ ቅልውላውን መሰረት ኢኮኖሚኡ ዝተናገዐ ህዝቢ ብፕሮፖጋንዳ ትምክሕቲ መንነታዊ ቅልውላው ዘለዎም ፀላእቲ ተወሲኹ ኣብ ህዝቢ ፀገማት ክፍጠሩ ምርኣይ ልሙድ ኮይኖም እዮም።

ኣብ ጉዳይ ፀጥታ ዝረኣዩ ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮ፣ ሰርቂ፣ ክትራ፣ ጭውያ ደቂ ሰባት፣ ስደትን ሞትን ህዝቢ ትግራይ ደም ከፊሉ ብኣማኢት ኣሽሓት ቐያሕትን፣ፀለምትን፣ ንኡሳትን፣ ዓበይትን፣ ሰብኣይን ሰበይትን መስዋእትን ኣካል ምጉዳልን ምርካስ ምዃኑ ክስመረሉ ዘለዎ ኮይኑ ብኣግኡ ዓገብ ክብሃል ዘለዎ ውራይ እዩ። እዚ እንትንፍፅም ከም ህዝቢ ብኢኮኖሚ ባዕልና ንኽእል፣ ዴሞክራሲ ዝዓሰሎ ምምሕዳር ብምፍጣር ንሕናን ተስፉናን ብሩህ ንገብሮ ኣብ ባዕልናን ውሕስና ንኣምን ኮይንና መሰስ ክንብል ሕድ ሕድ ፃዕሪ ይሓትት።

## ትዕዝብቲ

ትብፃሕ ናብ መሰናዳእቲ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ኣቐዲመ እንኳዕ ንመበል "36" ዓመት ዝኽሪ ሰማእታት ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ይብል፡፡

ናብቲ ቀንዲ መበገሲ ፅሑፈይ ክመልሰኩም፡፡ ነቲ መበገሲ ፅሑፍ ድማ "ሰማእት ናይ መን ድዮም? ብምባል ሓሳበይ ክትንትን ፍቐዱለይ፡፡

ከም ዝፍለጥ እዞም ብሽም ወርሒ ሰነ ዕለት 15 ንዝክሮም ሰማእታት እኮ ንሰማእትነት ንቓልሲ ንሜዳ እንትወፍሩ ዘርኢ፣ ቀለም፣ ሃይማኖት፣ ፆታ ከይፈለዩ ንብሄራዊ መንነት፣ ንመዓርነት፣ ንሰላም፣ ንዴሞክራሲ ኢሎም ዝወፁ ምዃኖም ዘይከሓድ ሓቂ እዩ፡፡ ስለዝኾነ'ውን ንሶም ቃሎም ኣኽቢሮም ኣብ ቃሎም ተረኺቦም መስተንክራዊ ጅግንነት ፈፂሞም መስዋእቲ ኸፊሎም ሓሊፎም ንሕናውን ሳላ መስዋእቶም ናብዚ በፂሕናሉ ዘለና ብርኪ በፂሕና ኣለና፡፡

ንምንታይ ደኣ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ፖለቲካን ሰማእትነት እናሓዋወስና ኣብ ዝኽሪ ዕለቶም ቃሎም ኣሐዲስና ንዝበለፀ ስራሕ ዴሞክራስን ልምዓትን ክንዲ ምርብራብ ገለ-ገለ ወገናት ወሰን ሒዝና ተዓዘብቲ ዝገብረናን ምእንተ ክብሮምን ዝኽሮም "ጉንጉን ዕምበባ" ዕምበባ ንምንባር ኢድና ዝሓፅርን ነጉባዕብዕ ነዚ ዝንቡዕ ኣተሓሳስባ ብጋንኡ ኣሪምናን ኣስተኻኺልና ክብርን መጎስን ናብ ሓደ ኣመለኻኽታ ተዘይኣምፂናዮም ተጋሩ ከም ተጋሩ ኾይንና ሰማእታትና በብመዓልቱ እናዘከርና ንስድርኦም ድማ ክንሕግዝን ክንሕብሕብን ተዘይሰሪሕና እታ ንቅድሚት ንሓስባ ዘለና ምዕብልትን ሰላማ ዝተረጋገፀት ትግራይ ክንርእያን ክንቕበላን ዝተሓላለኸ ስለዝገበሮ ቀልጢፍና ዝምቡዕ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ኣመዓራሪና ህዝብና ካብዚ ኣትይዎ ዘሎ ውስብስብ ዝበለ ኩነታት ክነውፅኦ ታሪኻዊ ሓላፍነት ዘለና መሲሉ ይርኣየኒ ኣሎሞ ሃየ ግዘ ከይመሰየ ንበራበር ይብል፡፡ስዉኣት ትግራይ ዝሰርሕዎ መስተንክራዊ ዓወት ሎሚ ንሕና ካብ ፀላኢ ሓራ ክንከዉንን መፃኢ ዓድና ዉሑስ ክኸዉን ስንቂ ገዲፎም እዮም፡፡ ሰላም ክራማት ይግበረልና፡፡

**ኣስረስ ኣረሩ /ጫሕማይ/**

**ካብ መቐለ**

**ዋና ኣሰናዳኢ** **- ተኽለማርያም ፀጋይ**

**ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን :-**

* ኣሸናፊ ዘውዴ
* ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር
* ግርማይ ተ/ብርሃን

**ኣሰናዳእቲ :-**

* ተስፋልደት ገ/ማርያም
* ብርሃን ገ/መድህን
* ኤልያስ መሓሪ
* መሰለ ካልኣዩ

**ዲዛይን ፣ለይኣውትን ግራፊክስን :- ፀሃይ ገብረ**

**ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት :- ዕፃይ ሓጎስ**

**ልምዓት ምልክታን ኣድቨርታይዝመንትን:- ሃ/ሚካኤል ከበደ**

**ቑፅሪ ሞባይል - 0932349104**

**477 መቐለ**
**ፋክስ /Fax 40 74 62**

**03 44 41 90 25**
**03 44 40 65 37**

### ሓበሬታ

ክቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑ ፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና
Webmail info@tig-comm.org ወይ
Gmail tiggpr@gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቐዲምና ነመስግን፡፡

## መቓልሕ

ሓምለ 1985 ዓ/ም ተጣይሹ
መበል 31 ዓመት ቁፅሪ 660
ሰነ 30/2016 ዓ/ም

### ዝኸበርኩም ተገልገልትና

እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share coomment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም::
facebooke https://www.facebook.com/TigrayCAB/
youtube: Tigray Communication Affairs Bureau
Twitter:https://twitter.com/TigrayCAB

# ክረምታዊ ስራሕትና ንምዕዋት ዓቕምና ኣዋሃሂድና ንረባረብ !

ኣብዚ እዋን ህዝብን ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይን ዝተረዳድእሎም ዓበይቲ መደባት ንም ዕዋት ተዋዲዶም ይረባረቡ ኣለዉ። ብምኳኑ ካብቶም ዓበይቲ መደባት ቀንዲ ዝኾነ ተመዛበልቲ ወገናትና መድሓንቶም ናብ ዝተ ቐበረሉ መረበቶም ናይ ምምላስን ላዕላዊ ግዝኣት ትግራይ ምኽባርን መደባት ብዝተገበረ ምርድዳእ መሰረት ተግባራዊ ንምግባር ጊዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣድላይ ዘበለ ፃዕሪ ገይሩን ይገብርን ኣሎ።

ስለዙይ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ምስ ፌደራል መንግስቲ እናተረዳድአ፣ ቅድም ክብል ካብ ደቡብ ትግራይ ተፈናቒሉ ዝነበረ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ ጀሚሩ እዩ። ካብ ዝሓለፈ ሰሙን ድማ ካብ ፀለምቲ ዝተፈናቐለ ህዝብና ናብ መረበቱ ምምላስ ጀሚሩ ኣሎ። እቲ እወንታዊ ምንቅስቓስ ኣብ ቀፃሊ እውን ተጠናኺሩ ከምዝቕፀል ተስፋ ይግበር።

ይኹንዳኣ'ምበር ላዕላዊ ግዝኣትና ናይ ምኽባርን ተመዛበልቲ ወገናትና ናብ መረበቶም ከይዲ ምምላስ ብልሙፅ መንገድን በቲ ቅድም ኢሉ ዝወፀ ትልምን ይፍፀም ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ፀላእቲ ብዝፈጠርዎም ዕንቅፋታትን ምኽንያታትን እቶም ስራሕቲ ብዘዕግብ ክፍፀሙ ኣይከኣሉን። እንተኾነ ጊዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ህልኽ ዘወድኡ ፀገማት ተፃዊሩ፣ ብትዕግስትን ጥበብ ብዝ ተመልአን መንገዲ እቶም ሽግራት ንም ፍታሕ ተንቀሳቒሱን ይንቀሳቐስ እውን ኣሎ። ሎሚ ኾነ ፅባሕ ተመዛበልትና ንምምላስን ላኣ ላዊ ግዝኣትና ንምኽባርን ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣጠናኺሩ ክቕፅል እዩ።

ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ምምላስ መሳ ንመሳ ዝቐርብ ዘሎ ቀንዲ መደብ፣ ጉዳይ ክረምታዊ ስራሕትና ንምዕዋት ምህርቲ 2016/2017 ዓ/ም እዩ። ኣብዚ ቀንዲ ርብርብ ዝግበረሉ ዘሎ ጠሊ ምዕቃብን ምስላጥ ማሕረስን እዩ። ብምኳኑ ምህርቲ ሎሚ ዘበን ንምስሳን ቢሮ ሕርሻን ተፈጥሮ ሃፍትን ትግራይ ዝመርሖ ብሄራዊ ኮምሽን ተጣይሹ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ ኣሎ።

ስለዝኾነ ዝተፈላለዩ መድረግቲ ኣካላት ሓረስታይ ትግራይ ንምሕጋዝ ዝተፈላለዩ ተግባራት ይውግኑ ኣለዉ። ንሱ እውን ክሳብ ምሕፋስ ምህርቲ ክቕፅል እዩ።

ምስ ስራሕቲ ሕርሻ ጎናጎኒ ኣብ ሎሚ ዓመት ክረምቲ " ፈልሲ ተኸላና ንዝኽሪ ሰማእታትና" ብዝብል መራሒ ሓሳብ ልዕሊ 32 ሚልዮን ፈልሲ ንምትካል ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ደቡብ ትግራይ ብዕሊ ብፕረዚደንት ጌታቸው ረዳ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ተጀሚሩ ኣሎ። ብምኳኑ እዚ ኣካል መደባት ዳግመ ሕውየት ትግራይ ዝኾነ ዓብዪ ውራይ ንምዕዋት ኩሉ ወዲ ትግራይ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ፃውዒት እንትቐርብ ህዝብና ከምዘዕውቶ ብምትእምማን እዩ።

ብተወሳኺ ኣብዚ ሰሙን ዕላዊ ከምዝተገበሩን ተስፋ ዝህቡን ፕሮጀክት ሓደ፣ ዝተምሃሩ ደቂ ትግራይ፣ ትግራይ ዘለዋ ሃፍቲ ተፈጥሮ ናብ ረብሓ ንምቕያር ዘፅንዕዎም ዝተፈላለዩ ምርምራት ናብ ተግባራዊ ሓይሊ ብምልዋጥ ዘኽእል ኩነታት ዝተመቻቸወ ምኳኑ ዕላዊ ኮይኑ ኣሎ።

እቲ ፕሮጀክት ብኣሽሓት ዝቑፀሩ መናእሰይ ትግራይ ከይተሰደዱ ኣብ ዓዶም ሰሪሖም ክነብሩ ዝዓለመ እዩ። ነቲ ፕሮጀክት ንም ዕዋት መንግስቲ ትግራይ ግቡእ ኣመራርሓ ከምዝህበሉ ድማ ብእዋኑ ተገሊፁ እዩ። ህዝብና ቀሲኑ ክነብር ስራሕቲ ፀጥታን ምርግጋዕን ተጠናኺሩ ቀፂሉ ኣሎ። ብኣ ውርኡ ኮምዩኒቲ ፖሊሲንግ ንምጥያሽ ምንቅስቓስ ይግበር ኣሎ።

ብሓፂሩ ኣብ በጀት ዓመት 2017 ንዳግመ ሕውየትን ህንፀትን ትግራይ ብምልኣት ንምፍጣር፣ ካብ ሓምለ 1/2016 ዓ/ም ዝጅምር ግብሪ ናይ ምእካብ ተግባር ንምስላጥ መደባት ተታሒዞም እዮም። ስለዙይ ህዝብና ብእዋኑ ግብሪ ብምኽፋል ትግራይና ኣብ ምሕዋይ ብፅሒቱ ከምዘወፊ ተስፋ ይግበር። ብድማር ክረምታዊ መደብ ስራሕትና ንምዕዋት ዓቕምና ብምውዳድ ከምእንረባረብ ኣየጠራጥርን።

**ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮምዩኒኬሽን ትግራይ**
**ሰነ 30/2016 ዓ/ም**
**መቐለ**

## ስራሕቲ ሓምለዋይ ...

**ካብ ገፅ 1 ዝዞረ**

ጣብያታት ፈልሲ ስራሕ ክጅምሩን ኩሉ ህዝቢ ብፍላይ መናእሰይ እቲ ቅድሚ ሐዚ ትግራይ ትፍለጠሉ ዝነበረት ስራሕ ሓምለዋይ ልምዓት ሐዚ እውን ተጠናኺሩ ክቕፅል ከም ዘለዎ ገሊፆም።

ከም ኣገላልፃ ኣይተ ጌታቸው ረዳ፣ ፈልሲ ተኸላ ንዝኽሪ ሰማእታትና ብዝብል ትኹረት ዝግበረሎም ከባቢታት ብኲናት ዝዓነዉ ከባቢታት ኰይኖም መሊሶም ንክጥጥዑ ንምግባር ብግቡእ ክለምዑ ከም ዘለዎምን ኹሉ ነባሪ ትግራይ ፈልሲ ንምትኻል ብትኹረት ምስራሕ ይግባእ ኢሎም።

ተኸላ ፈልሲ ሎሚ ዓመት ክረምቲ "ፈልሲ ተኸላና ንዝኽሪ ሰማእታትና" ብዝብል መራሒ ሓሳብ ዝሳለጥ ኮይኑ ሓምለዋይ ልምዓት ትግራይ ናብ ንቡር ንምምላስ ብትኹረት ዝስርሕሉ እዋን እዩ። ብተወሳኺ ዝትከሉ ፈልስታት ግቡእ ክንክን ብምግባር ዝዓብይሉ ኩነታት ንምፍጣር ጠመተ ተገይሩ ምስራሕ ከም ዝግባእ ገሊፆም።

ኣብ መወዳእታ ሎሚ ዓመት ኣብ ትግራይ ብርክት ዝበሉ ተኽልታት ዝትከሉ ኮይኖም ህዝቢ ትግራይ ኣብ በቢ ከባቢኡ ፈልስታት ንምትኻል ብትኹረት ክወፍር ከም ዘለዎ ፕረዚዳንት ጊዝያዊ ምምሕዳረ ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ፃውዒቶም ኣቕሪቦም::

**ፍልፍል፡- ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ዞባ ደቡብ ትግራይ**

## ናይ ሎሚ ዘበን ...

**ካብ ገፅ 1 ዝዞረ**

መፀገሚ ጊዜ ሀዘቢ ትግራይ ርዳእታ ንምርካብ ዝነበረ መፀገሚ ኩነታት ብምዝካር ዝተዓፃፀፈ እቶት ምሕፋስ ዋሕስ ህላዉኡ ምኳኑ ፈሊጡ ንክሰርሕ ኣተሓሳሲቦም።

ኣይተ ፅጋቡ ታደስ ሓላፊ ዘርፊ ቁጠባ ወረዳ እንዳ መኮኒ ብወገኖም፡- ወረዳ እንዳመኮኒ ከም ወረዳ ዘለዋ ተሓራሲ መሬት ከባቢ 12 ሽሕ ሄክታር ብዘርኢ ብም ሽፋን ብሓፈሻ 395 ሽሕ ኩንታል ካብ ሄክታር ድማ 31 ኩንታል ምህርቲ ንምሕፋስ ከምዝተተለመን እዚ ንምእታዉ 14 ሽሕ ኩንታል መዳበርያ ንሓረስቶት ይከፋፈል ከምዘሎን ኩሎም ስራሕቲ እቶት ምዕፃፍ ይስርሑ ከምዘለዉን እዚኣቶም ተጠናኪሮም ንክቕፅሉ ይስራሕ ምህላዉ ሓቢሮም።

ሓረስታይ ሓየሎም ሓጎስ ብግዲኦም፡- ሎሚ ዘበን ልዑል እቶት ንምርካብ ግራቶም ሰለስተ ጊዜ ኣለሳሊሶም፣ ኮምፖስት ኣዳሊዎም ብዝሓሸ ዝሓሸ ምድላዉ ገይሮም ምህላዎምን እታወታት ምጥቃም፣ ፃህያይ ምፅሃይ፣ ዘራእቲ ምክትታል፣ ማይ እንትበዝሕ ካብ ግራት ምፅፋፍን ካልኦትን ስራሕቲ ምዉጋን እቶት ንምዕባይ ወሳኒ ምኳኑ ስለዝተረድኡ ንገሊኦም ሰሪሐ ምዎም ንገሊኦም ድማ ንምስራሕን ንምጥቃምን ተዳሊ ዎም ምህላዎም ሓቢሮም።

## ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ...

**ካብ ገፅ 1 ዝዞረ**

ናይ ሎሚ ዘመን ምድላው ሕርሻ ፍልይ ዘብሎ፣ ክላስተር ማእኸል ዝገበረ ምንቅስቓስ ሕርሻ ንክህሉ፣ ኣብ ኹለን ጣብያታትን ወረዳታትን ዝርከብ ሓረስታይ ኣብ ክላስተር ስነ ዝራእትን ሃፍቲ እንስሳን ተወዲቡ ሕርሻዊ ማእተቱ ከደንፍዕ ቕድመ ምድላው ተወጊኑ ናብ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ከም ዝተኣተወ ኣይተ ክብሮም ገሊፆም።

እቲ ኣወዳድባ ክላስተር፣ ስነ ዝራእቲ ኣብ ኣርባዕተ ክላስተር፣ ማለት እውን ክላስተር ጣፍ፣ ምሸላ፣ ሰሊጥን ዕፉንን፣ ክላስተር ሃፍቲ እንስሳ ድማ በቢ ቑሸቱ ዝተወደበ ኾይኑ፣ ሓረስታይ እንተተወዲቡ፣ ተኸታታልን ዘየቋርፅ ድጋፍ ንምግባር ቐሊልን ምቹብን ስለ ዝኾነ መፍረያይነት ኣብ ምውሳኽ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ እቶም ኣማኻሪ ወሲኾም ገሊፆም።

ከም ዞባ ዝግበር ዘሎ ርብራብ ምዕፃፍ ምህርቲ ዛጊድ ኣብ ምምላእ እታወታት ሕርሻ ሰፉሕቲ ስራሕቲ ዝተወገኑ እንትኾኑ፣ ብፍላይ ዘርኢ ቕድሚ ምጅማሩ ክማለኡ ዝግበአም፣ ከም መዳበርያን ሙሩፅ ዘርእን ናብ ተጠቃማይ ኣብ ምክፍፋልን ሓረስታይ ካብ መረረት ዘናገፈ ተግባራት ተወጊኖም እዮም። ብፍላይ መዳበርያ ብእዋኑ ካብ ምእታው ጀሚሩ ክሳብ ናብ ተጠቀምቲ ምክፍፋል ዝነበረ ከይዲ፣ ምስ ዘሓለፈ ዓመት እንትነፃፀር፣ ኣዝዩ ውሑስን ዝተዋደደ ተሳትፎ መሓውር ስለ ዝነበረ፣ ብዘይ ምንም ፀገምን ገሊታ ዕታዕን ክመሓደር ልዑል ፃዕሪ ከም ዝተገበረ እቶም መተሓባበሪ ሓቢሮም።

ካብዚ ብተወሳኺ ይብሉ እቶም መተሓባበሪ፣ ምስቲ ዝነበረን ዘሎን ፀገም ተኣሳሲሩ ኣብ ሓረስታይ እታ ዞባ ሰፊሕ ፀገም ሙሩፅ ዘርኢ ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኾይኑ፣ ነዚ ፀገም ንምፍታሕ ትካል ምግቢ ዓለም፣ ዎርልድ ቪዥን ኢትዮጵያን ማሕበራዊ ረድኤት ትግራይን ከም ዞባ ኣጋጢሙ ንዘሎ ፀገም ሙሩፅ ዘርኢ ጣፍ፣ ምሸላን ዕፉንን ንምንካይ ተበግሶ ወሲዶም ዝገበርዎ ድጋፍ ኣዝዩ ዝነኣድ እዩ። ነቲ ድጋፍ ከም ዝሐሸ ዕድል ብምጥቓም፣ ዋና ሃፍቲ ምሳና ዘሎ ውሽጣዊ ዓቕሚ ስለ ዝኾነ፣ ሕርሻዊ ማእቶት ቐፃሊ ዓመት ንምድንፋዕን ንምዕፃዘፍን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዘሎ መሓውር ካብ ወትሩ ብዝዛየደ ክንጥፍ ይግባእ ክብሉ ኣይተ ክብሮም ኣተሓሳሲቦም።




# ክብርታትና

ታሪኽን መንነትን ህዝቢ ትግራይ ዝቃለሐሉ




# ትኹረት ንዳግማዊ መካ

ብመሰለ ካልኣዩ

ኣብ ትግራይ ካብ ዘለዉ መስሕባት ቱሪዝም ሓደ ብምዃኑ ካብ ወፃእን ውሽጢ ዓድን ብርክት ዝበለ ሃዋፂ ዝህዉፆ ታሪኻዊ ቦታ እዩ። ታሪኻውነቱ ብዝምጥን ኣሰራርሓ ተሰሪሑ ነይሩ። ኣብ ውሽጡ ዘለዉ መካነ መቃብራት ብእምነበረድ ዝተሰርሑ፣ ውሽጣዊ ቀፅሩ ብሰራሚክ ዝማዕረገ፣ብኣትክልትን ሳዕርን ዝወቀበ ሓምለዋይ ከባቢ ነይሩ። ኣብ ውሽጡ ኣቲኻ ውፃእ ኣይብለካን ነይሩ። ብፍላይ ንፈለማ እዋን ናብኡ ዝመፀ ሰብ ስነኣእምሮኡ ይሕደስ፣ ደስ እውን ይብሎ። ሐዚ ግና ብሰንኪ ወረርቲ ሓይልታት ዝነ በሮ ትሕዝቶን መልክዕን ከምቀደሙ ኣይኮነን።

ካብ ዓድግራት ተበጊስካ ናብ መቐለ ዝወስድ መስ መር ፅርግያ ብምሓዝ እንትትጉዓዝ ከባቢ ስንቃጣ ምስተበፅሐ፣ ንኣንፈት ደቡብ ዝርከብ ገዚፍ ታሪኽ ዓትዒቱ ዝሓዘ መስጊድ ዝርከበላ ቅድስቲ ስፍራ ከተማ ነጋሽ ትርከብ። መስጊድ ነጋሽ ስያመኡ ነጋሽ ካብ ዝብል ቃል ትግርኛ ዝተወሰደ ኾይኑ ትርጉሙ ንጉስ ማለት ከም ዝኾነ ኣገልጋሊ እቲ መስጊድ ዝኾኑ ሸኽ ኣደም ይገልፁ።

ታሪኽ ነጋሽ ካብ መበል 7ይ ክ/ዘመን ይጅምር። ምስ እምነት እስልምና ማዕረ ዕድመ ከምዘለዎ ምሁራት ታሪኽ ይዛረቡ። 7ይ ክ/ዘመን ነብዪ መሓመድ ኣብ ሃገሮም እምነት እስልምና ምስባኽ ዝጀመርሉ እዋን ምዃኑ ይንገር። ብኡ ምኽንያት ንተኸተልቶም ቁራይሽ ብዝተበሃሉ ዓሌት ግፍዓዊ መጥቃዕቲ ክወርዶም ከምዝጀመረ እውን ሰብ ሞያ እቲ ዓውዲ የዘንትዉ።

ነብዪ መሓመድ ተኸተልቶም ካብ መጥቃዕቲ ዓሌት ቁራይሽ ንምንጋፍ እንትሓስቡ፣ ግፍዓዊ መጥቃዕቲ ዘይፍፀመላ ዓዲ ፍትሕን ተቐባሊ ጋሻን ኢሎም ዝገለፅዋ ምድረ ሓበሻ ንኽሰድዎም ወሰኑ። ብ615 ዓ/ም ሓሙሽተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 16 ተኸተልቶም በቲ እዋን ምድረ ሓበሻተባሂላ ተፅዋዕ ናብ ዝነበረት ናይ ሐዚ ኢትዮጵያ ትግራይ ተላኢኾም። ኣብ ካልኣይ ጉዕዞ /ሒጅራ/ 18 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 101 ተኸተልቶም ኣሰዒቡ። ካብቶም ኢትዮጵያ ትግራይ ዝኣተዉ ተኸተልቲ ሩቅያ ትበሃል ጓል ነብዪ መሓመድ፣ ሓቢባን ሰላማን ዝተበሃላ ደቂ ኣንእስትዮ ከምዝነበራ ኣቦታት እቲ እምነት የዘንትዉ።

ዓሌት ቁራይሽ ነቶም ስደተኛታት ንምጥፋእ ወርቅን ካልኦት ውህብቶታትን ብምሓዝ ናብ ንጉስ ሓበሻ መፅኡ። ነቶም ንጉስ ቅርብ ኢሎም እቶም ነብዪ መሓመድ ዝለኣኾዎም ስደተኛታት ሙስ ሊም ንም ድረ ሓበሻ ጠንቂ ምዃኖም ብምግላፅ ንበዓ ልቶም ከረክብዎም ሓተቱ።

ንጉስ ሓበሻ ግና ብሓቂ ፍትሓዊ ስለዝነበሩ፣ ንክልቲኦም ወገናት ሓሳቦም ምስ ኣድመፁ ነቲ ኩነ ታት ብዝግባእ ብምግንዛብ፣ እቶም ዕቑባ ዝሓተቱ ስደተኛታት ብትኽክል ዝተበደሉ ሰባት ምዃኖም ተረድኦ። ንልኡኻት ቁራይሽ ድማ “ገዛ ምሉእ ወርቂ እንተትህቡኒ እውን ነቶም ስደተኛታት ኣሕሊፈ ኣይህበኩምን” ክብሉ መልሲ ሃብዎም። ከምኡ ምባሎም ድማ እማን ፍትሓዊ ንጉስ ምዃ ኖም ዘረጋግፅ ተግባር ኮነ። ልኡኻት ቁራይሽ እውን ኮንቱ ደኺሞም ከምዝተመለሱ ኣቦታት እቲ እም ነት የዘንትዉ።



**መስጊድ ነጋሽ**



**መካነ መቓብር**

ነጋሽ እቶም ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ተኸተልቲ ነብዪ መሓመድ ንፈለማ እዋን ብነፃነት ዝሰበኹሉን ገሊኦም እውን ብኽብሪ ዝተቐበርሉን ቦታ ኮነ። በዚ ምኽንያት ብቅድስነቱ ኣብ ዓለም ዝርከቡ ተኸተልቲ እስልምና ዝለዓለ ክብርን ዝናን ኣለዎ።

መስጊድ ነጋሽ “ዳግማዊ መካ” ብዝብል ስም ከምዝ ፅዋዕ እውን ይዝረብ። ቅድሚ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ ኣብ ዓመታዊ ዝኽረ-በዓል ብ10ተታ ኣሽሓት ተኸተልቲ እስልምና ይህወፅ ከምዝነበረ ኣገልጋሊ እቲ መስጊድ ሸኽ ዘይኑ ይሕብሩ።

ሎሚ መስጊድ ነጋሽ ከም ቀደሙ የለን። ብሰንኪ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ ብወረርቲ ሓይልታት ብዙሕ ነገር ስኢኑ። ካብ ደጋዊ ህንፃታቱ ክሳብ ውሽ ጣዊ ንብረታቱ ዝውሰድ ተወሲዱ፣ ዝፈርስ ፈሪሱ፣ ክፈርስሎም ዘይከኣለ ድማ ከቢድ ብረትን መድፍዕን ብምትኳስ ክዓንውን ካብ ረብሓ ወፃኢ ገይሮምዎ ከምዝኸዱ ነበርቲ ከተማ ነጋሽ ይሕብሩ።

ኣመፃዕኣ ፀላእቲ ታሪኽን ቅርስን ትግራይ ይትረፍ ኣብ ውሽጢ መሬት ኣስካሬን ትግራዋይ ከይርከብ እውን ጠቕሊሎም ንምጥፋእ ዓሊሞም ዝመፁ ብምንባሮም፣ ካብ ሰብ ምርሻን፣ ንብረት ምጉሓልን ምብራስን ሓሊፎም መካነ መቓብራት ከይተረፉ ኣፍሪሶምዎም።

መስጊድ ነጋሽ ብዓለም ብርኪ ዝፍለጥ ዓብዪ ታሪኻዊ ቅዱስ ስፍራ እዩ። ይኹን እምበር ፀላእቲ ትኹረት ሂቦም ከቢድ ዝበሃል ብርሰት ፈፂሞምሉ። ሓልዋን ክንክንን ቅርሲ ኢትዮጵያ ኮነ ካልኦት ይም ልከተና በሃልቲ ኣካላትን ካብ ተሰፉታት ምሃብ ዝሓለፈ ክሳብ ሕዚ ዝኾነ ዓይነት ዳግመ ፅገና ኣይገበርሉን። ነጋሽ ንብረቱን ህንፅኡን ጥራሕ ኣይኮነን ተጎዲኡ ኣብ ውሽጡ ዝነበሩ ኣመንቱን መገ ልገልቱን እውን ከም ዝተቐተሉን ኣካላዊ መጉዳእቲ ከም ዝበፅሖምን መራሕቲ ሃይማኖት እቲ መስጊድ ይዛረቡ።

ሕዚ መስጊድ ነጋሽ ፈራሪሱ ኣሎ። ንክትህውዖ ብዙሕ ዝስሕብ ኣይኮነን። የግዳስ ኣብኡ ኣቲኻ ትሓርቅን ትጉህን እምበር። መንግስቲ ትግራይ፣ ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ፍትሒ ኣካላትን ቆላሕታ ሂቦም ክሰርሕሉ ይግባእ። ንቐፃሊ ብዝለዓለ ደረጃ መስሕብ ቱሪዝም ኾይኑ ከገልግል ብብርኪ ዓለም ሰዓብቲ እስልምናን ሃወፅትን ከመፅእዎ እንተ ኾይኖም፣ ካብ ገጢሙዎ ዘሎ ሓደጋ እንትናገፍን ዳግም እንትህነፅን እዩ ክብል ተጋ ዳላይ ኢድሪስ መሓመድ ይዛረብ።

ነጋሽ ካብ ትግራይ ሓሊፉ ንዓለም ኣበርክቶን ኣፍልጦን ዘለዎ ታሪኻዊ ቦታ እዩ። ብምዃኑ ቅድሚ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ምውልዑ ካብ ሃይማኖታዊ ትሕዝትኡ ብተወሳኺ ናይ ቱሪዝም መስሕብ ንክኽ ውን ብዙሓት ምንቅስቃሳት ተጀሚሮም ነይ ሮም። ተጀሚሩ ዝነበረ ምንቅስቃስ ይትረፍ እቲ ነባር ትሕዝትኡ እውን ዝሰኣነሉ ኩነታት ተፈጢሩ።

ጥዑይ ህንፃ ይኹን ንብረት የብሉን። ኣብ ውሽጡ ዝነበሩ ማሽናት፣ ፍሪጃት፣ መፃሕፍትን ካልኦት ወሰንቲ ዝበሃሉ ናውቲ ዳርጋ ኩሎም ብቒመኛታትን ወረርቲ ሓይልታትን ተጓሒሎም። ህንፅኡ እንተኾነ እውን ብከቢድ ብረት ተወቒዑ ግዳይ ንፋስ፣ ፀሓይን ዝናብን ኾይኑ ይርከብ። ቀፅሩ እውን ከምቀደሙ ልምሉምን ሰሓብን ዘይኮነስ ብዝደረቐ ሳዕርን ዝተጓሕጉሐ መሬትን መል ክዑ ከምዝሰኣነ ተጋዳላይ እድሪስ ይዛረብ።

መንግስቲ ትግራይ መስጊድ ነጋሽ ካብቲ ገጢሙዎ ዘሎ ሓደጋ ብርሰት ክድሕን ክሰርሕ ይግባእ። ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ምስ መድረግቲ ኣካላት ብምዃን ካብቲ ሓደጋ ንፋስ፣ ፀሓይን ዝናብን ዝድሕነሉን ካልኦት መሰረተ-ልምዓታት ብምምላእ ዳግም ናብ መስሕብነቱ ክምለስ ንዳግማዊ መካ ትኹረት ብምሃብ ክሰርሕ ይግባእ ክብሉ ኣገልገ ልትን ሰዓብትን መስጊድ ነጋሽ ይላበዉ።

# ዓውደ ሓሳብ

ዝተፈላለዩ ሓሳባት ዝንፀባረቐሉ



# ሕብረት ንዘላቒ ቑጠባዊ ዓርሰ ምርኮሳ...!!

ብኤልያስ መሓሪ

ሕብረት ሓይሊ ጥንካረን ሃፍትን እዩ። ስለ ሕብረትን ሓድነትን ፀሓፍቲ፣ ተመራመርትን ብማሕበረሰባዊ ብሂልን ብዙሕ ተፃሒፍሉ፣ ምርምራዊ ስራሕቲ ተኻይዱሉን ተዘሪቡሉን እዩ። ሕብረት እንትበሃል ብብርኪ ሓሳብ ጥራሕ እንተይኾነስ፣ ልዕሊ ቓል ኾይኑ፣ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ኹሎም ፋጡራት ከም ዝኾነ ኹሉ ዝስማዕመዐሉ ፅንሰ ሓሳብ እዩ። ከም ኣብነት "ዝሓበራያ ኣፃብዕትስ ኣርቃይ የፀንብዓ" ዝብል ብሂል፣ ኣብ ሕብረት ዘሎ ጥንካረ ዘመላኽት ዕለታዊ እንጥቀመሉ ብሂል እዩ። ደቂ ሰባት ኣብ ጉዕዞ ህይወቶም ሕብረት መሰረት ዝገበረ ስራሕ እናሰርሑ መፂኦምን ኣለውን ንቐፃሊ እውን ዘሚኑን ተጠናኺሩን ዝቕፅል እዩ።

ሕብረት ስራሕ ማሕበር ቕድሚ ዘመናዊ መልክዕ ምሕደራ ምሓዙ፣ ብባህላዊ መልክዕ እውን ብምውዳብ ደቂ ሰባት ብሓባር ኾይኖም ፀገሞም ይፈትሕሉ ዝነበረ፣ ዘሎን ንቐፃሊ እውን ዝህሉን ኣካል መስርሕ ህይወት ደቂ ሰባት እዩ። ነዙይ እውን እዩ ሰባት ኣብ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ኣብ ፍፁም ዓርሰ ፍቓዶም ዝተመርኮሰን፣ ናይ ሓባር ማሕበራውን ቑጠባውን ድሌታቶም ዘሳልጥሉ ትካል ኾይኑ ዘሎ።

ነዙይ ዘጠናኽሩ ብርክት ዝበሉ ፅንዓታት ይወፁ እዮም። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብትካል ዓለም ለኻዊ ተቖፃፃሪ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዝወፀ ፀብፃብ ከም ዘመላኽቶ፣ ኣናእሸተይ፣ ማእኸሎዎትን ዓበይትን ከይሓወሰ፣ ኣብተን ብብርኪ ዓለም ዝለዓለ ካፒታል ዝወነና ተባሂለን ዝተነፀራ 300 ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ጥራሕ ልዕሊ 2.4 ትሪልዮን ሃፍቲ ከም ዝወነና የመላኽት።

ኣብ ኢትዮጵያ እውን ኣብ ልዕሊ 92 ሽሕ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ልዕሊ 21 ሚልዮን ኣባላት ተወዲቦም ቢልዮናት ከም ዘንቀሳቕሱ መረዳእታታት የማላኽቱ። ኣብ ትግራይ እውን ብተመሳሳሊ ኣብ ሕርሻ፣ ፋይናንስ፣ ህንፀት ኣባይትን ኣገልግሎት ዘርፍን ብሕብረት ስራሕ ማሕበር ተወዲበን ኣብ ውዑይ ምንቅስቓስ ከም ዝርከባ ዝፍለጥ ጉዳይ እዩ።

ብድማር ከም ሃገር ይኹን ከም ክልል ሕብረት ስራሕ ማሕበር ኣዋጅ ወፅኢሉ መንግስቲ እውን ትኹረት ሂብሉ ምንቅስቓስ ካብ ዝጅምር ልዕሊ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ኾይንዎ እዩ።

ንመእተዊ ክኾነና እዙይ ካብ በልና፣ ቀንዲ ውራይ እዚ ዓምዲ፣ ግደ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣብ ኣጠቓላሊ ዕቤት ቑጠባ ሓንቲ ዓዲ እንታይ ከም ዝመስል ምስ ምሁራት ክፍሊ ትምህርቲ ሕብራት ስራሕ ማሕበር ዩኒቨርሲቲ ኣክሱም ዝገበርናዮ ፃንሒት ሒዝናልኹም ቐሪብና ኣለና ሰናይ ፃንሒት።

ፈለማ ኣብዚ ርእሰ ጉዳይ ኣደሂብና ሓሳብ ንክህቡና ዝሓተትናዮም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣክሱም መምህርን ሓላፊ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረት ስራሕ ማሕበርን ዝኾኑ መምህር ዕቑባይ ኪዳነ፣ "ደቂ ሰባት ዝሓብሩ ሓቢርኻ ምስራሕ ከም ኣማራፂ ኾይኑ እንተይኾነስ፣ ካብ ሕብረት ወፃኢ ምንባር ዘይከኣል ስለ ዝኾነ እዩ። ምኽንያቱ ሓቢርካ ምስራሕ ቑጠባዊ ለውጢ ንምምፃእ ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ ኣጠቓላሊ ጉዕዞ ህይወት ዘጋጥሙ ውልቃዊ ይኹን ሓበራዊ ፀገም ብዘይካ ሓገዝ ኻልኦት ይትረፍ ንውልቀ ሰባት ንሃገራት እውን ካብ ሕብረት ወፃኢ ብብሕታውነት ዝውገን ተግባር ስለ ዘየለ እዩ" ይብሉ።

ናይ ሓባር ዓቕምን ንዋይን ብምውዳድ ዝስራሕ ስራሕ ኣብ ውፅእታውነቱ ኣድማዓይን ኣብ ዘይነቓነቕ ድልዱል መሰረት ከም ዝተሃንፀ ህንፃ ጠንካራ ከም ዝኾነ ዘየጠራጥር እዩ። ነዙይ እውን እዩ ከም ናይ ሓባር ባህርይ፣ ኹሎም ደቂ ሰባት ንበይኖም ክፈትሕዎ ዘይኽእሉ ፀገም ምስ መደባዊ መሰላቶም ብምዃን ንዘጋጥሞም ቑጠባውን ማሕበራውን ፀገሞም ንፍታሕ ኣብ ዓርሰ ፍቓድ ዝተመስረተ ትካል ብምምስራት ፀገሞም ከም ዝፈትሑ መምህር ዕቑባይ ይገልፁ።

ምንቅስቓስ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ከም ሃገር ይኹን ከም ትግራይ፣ ካብ ዘመነ ንግስና ሃፀይ ሃይለስላሴ ዝጀመረ ኾይኑ፣ ብፍላይ ድሕሪ 1983 ዓ.ም ብበዝሒ ይኹን ብኣወዳድባ እናተመሓሸ መፂኡ ብመሰረት እዚ ይብሉ መምህር ዕቑባይ፡- ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ቑጠባ ኣብ ምዕባይ ይኹን ዕዳጋ ኣብ ምርግጋፅ ዘለወን ብፅሒት ዝበለፀ እዩ።

ካብቲ ዝህበኦ ቀጥታዊ ኣገልግሎት ብተወሳኺ፣ ኣብ ፈጠራ ዕድል ስራሕን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ብምብፃሕ ተወዳደርቲ ትካላት እናኾና ዝመፃሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ።

እዙይ እንትበሃል ግና ብፍላይ ከም ትግራይ ከም በዝሐንን በዝሒ ተገልገልተንን ክበፅሐኦ ዝግበአን ብርኪ ዕቤት በፂሐን እየን ምባል ኣይከኣልን።

ምኽንያቱ ከም መንግስቲ ይኹን ከም ህዝቢ ንሕብረት ስራሕ ማሕበራት ክወሃበን ዝፀንሐ ግምትን ደገፍን ሐዚ እውን መሊኡ ዘይተቐረፈን ንጥንካረ እተን ማሕበራት ዘየበረታትዕ ስለ ዝኾነ እዩ። ብፍላይ ብሰብ ሞያ ንክምርሓን ተወዳደርቲ ናይ ንግዲ ትካላት ንክኾና ዝግበረለን ሞያዊ ፋይናንሳውን ካልኦት ድጋፋትን በቲ ዝድለ መጠን ከም ዘይኾነ መምህር ዕቑባይ ይዛረቡ።

ከም ተጋሩ ካብቲ ዝበፀሐና ኹለ መዳይ ዕንወት ንምውፃእ ቀንዲ መፍትሒ ክኸውን ዝኽእል፣ ኣእምሮና፣ ጉልበትና፣ ሃፍትናን ኣዋዲድና ብሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣቢልኻ ካብ ዝነበርናዮ ናብ ዝሐሸ ብራኸ ንምስግጋር ኣብዚ ዓውዲ ሰሚርኻ ምስራሕ ቑፅሪ ሓደ ሕርያና ክኸውን ይግባእ ይብሉ እቶም ምሁር።

ኻሊእ ኣብዚ ርእሰ ጉዳይ ኣድሂቦም ምሁራዊ ሓሳቦም ንክህቡና ዝሓተትናዮም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣክሱም ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረት ስራሕ ማሕበር መምህርን ተመራማርን ዝኾኑ መምህር ሕጉስ ገ/ስላሴ ኾይኖም ሕብረት መሰረት ገይርኻ ሓሳብ ንክትህብ ስሙ እኹል መበገሲ እዩ። ሕብረት ስራሕ ማሕበር ማለት ተመሳሳሊ ፀገም ዘለዎም ወገናት ኣብ ድሌት መሰረት ዝገበረ ናይ ሓባር ዓላማ ብምሓዝ ሰሪሖም ፀገሞም ዝፈትሕሉን ብዘላቕነት ለውጢ ከምፅእሉ ዝኽእሉ ዘርፊ ከም ዝኾነ ይገልፁ።

ከም ተጋሩ እንተወሲድና እኳ ኣጠቓላሊ ምንቅስቓስና ኣብ ሕብረት ዝተመስረተ እዩ። ከም ኣብነት ንድሕሪት ምልስ ኢልና ኣብ ትግራይ ዝተሰርሑ ሃገራዊ ይኹኑ ክልላዊ ፍፃመታት መበገሲኦም ኣብ ሕብረት መሰረት ዝገበረ ሓድነት ስለ ዝነበረ፣ ውፅኢቱ ከምቲ ኹላትና ንፈልጦ ዘመን ተሻጋሪ ታሪክ ዝተሰርሐ። ከምቲ ዝፍለጥ ሕብረት ምንጪ ሃፍቲ ጥራሕ እንተይኾነስ፣ ንጠንካራ ፖለቲካዊ፣ ባህላዊ፣ ሃይማኖታውን ዴሞክራሲያውን ሃዋህው ንክህሉ እውን ቀንዲ መሰረት ከም ዝኾነ ካብ ተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ዓለም ምምሃር ከም ዝከኣል መምህር ሕጉስ ይትንትኑ።

ደቂ ሰባት ኣብ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ተወዲቦም ንናይ ሓባር ረብሓ ኣብ ተመሳሳሊ ዓላማ እንትስለፉ ናይ መወዳእታ ዕላመኦም ቑጠባዊ ረብሐኦም ምርግጋፅ እዩ። ሃይማኖት፣ ዘርኢ፣ ፖሎቲካዊን ቑጠባውን ኣፈላላይ ዝበሃል ናይ ትኹረት ኣንፈተን ኣይኾነን። ኣብ ዓለም ብዘይ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዝዓበየት ሃገር ከም ዘየላ ዝድምድም ሓሳብ ዓብላላይ ኾይኑ ይርከብ።

ሐዚ ብብርኪ ዓለም ወነንቲ ናይ ቑጠባ ልዕልና ዝኾና ሃገራት ኣውሮፓን ሃገራት ምዕራባዊ ክንፊ ዓለምናን ቀንዲ መበገሲንን ምሽጥር ኹለመዳይ ዕብየተንን ኣብ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዝተኸተልኦ ቕኑዕ ፖሊስን ዝወሰዶኦ መርገፅን ሐዚ ዝርከባሉ ብርኪ ዕቤት ጥጡሕ ባይታ ከም ዘንፀፋ መምህር ሕጉስ የብርሁ። ከም ኣብነት ጀርመን፣ ህንዲ፣ ኔዘርላንድ፣ ኣዎስትራልያ፣ ደቡብ ኮርያ፣ ጃፓን፣ ስዑዲ ዓረብን ኣሜሪካን ከምኡ እውን ኬንያ ካብ ኣፍሪካ ምጥቃስ ይከኣል። ብፍላይ ኣብ ህንዲ "ጥብ ዝበለት ፀባ ብምውህላል ናብ ዉሑጅ ክንቕይሮ ኢና" ብዝብል ሃገራዊ ጭርሖ፣ ኣብ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዝወሰዶቶ ቅዋም ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ከተምፅእሉ ኽኢላ እያ። ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ክልልና እውን እንተኾነ፣ ብስሩዕ ውዳበ መሰረት ዝገበረ ምንቅስቓስ ካብ ዝጅምራ ብውሑዱ ራብዓይ መንግስቲ ሒዘን ኣለዋ። እዙይ ማለት ኣባና እውን እንተኾነ ዋላኳ ኣብ ዕቤት ቑጠባ ብዘለወን ግደ ብዝምጥን መዳዩ ተደጊፈን ከም ቀንዲ ምንጪ ዕቤት ኾይነን ኣየገልግላ፣ ብምቅይያር መንግስቲ ከይተዓገታ ምቕፃለን ሓደ ምልክት ወሳናይነተን እዩ ይብሉ እቶም ምሁር።

ብፍላይ ኣብ ከም ትግራይ ዝኣመሰለ እንታይነት ሕብረትን ሓድነትን ብግብሪ ዝተርጎምናን ንኻልኦት እውን ብመርኣያነትና እንፍለጠሉ፣ ብብርኪ ሃገር እውን፣ ንሕና ብዝፈጠርናዮ ጡጡሕ ባይታ ተጠቒሞምን ፈለግና ተኸቲሎምን ህዝቦም ኣብ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ብምውዳብ ልዕሌና ብቑጠባ ዓርሶም ዝኽእለሉ ኩነታት ፈጢሮም እዮም። ብድማር ብዝኾነ ይኹን መዐቀኒ ብቑጠባ ዓርስኻ ምኽኣል፣ ጉዳይ ኣማራፂ እንተይኾነስ ጉዳይ ህልውና ስለ ዝኾነ፣ ከም ህዝቢ ኹሎም ቑጠባዊ ዕማማትና ብመንገዲ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ንክኸውን ዝተበታተነ ፍልጠትን ካፒታልን ብምውህላል፣ ግደ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣብ ኹለ መዳይ ዕቤትና ናይ ኣምበሳ ብፂሒት ንክህልወን፣ ከም ህዝብን መንግስትን ምስራሕ ከም ዝግባእ መምህር ሕጉስ መልእኽቶም የሕልፉ።

ከም ተጋሩ ንዘላቒ ቑጠባዊ ዓርሰ ምርኮሳን በፂሑና ካብ ዘሎ ኹለ መዳይ ማህሰይትን ንምውፃእን ዝተበታተነ ዓቕምናን ሃፍትናን ኣብ ትሕቲ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ውዳበ ብምውህላል፣ ብቑጠባ ፅባሕ እንብህጋ ትግራይ ንምርኣይ፣ ኣብ ሕብረትን ሓድነትን ሰሚርና መፃኢና ብሩህ ንግበር።

# ”ናዓይ ካብ ምባል ንዓና ምባል የሓይሽ”

ብኣሸናፊ ዘውዴ

ኣብ ትግራይ ድሕሪ ውዕሊ ፕሪቶርያ ውሱናት ትካላት ማኑፋክቸሪንግ ናብ ስራሕ ብምእታው ውፅኢታዊ ስራሕቲ ኣብ ምውጋን ኣለዋ። ቐፅረን ዘይነዓቕ ትካላት ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ብናይ ባዕለን ተበግሶን ፃዕርን ብዘለወን ናውቲ ናብ ስራሕ ብምእታው ንብርክት ዝበሉ ወገናት ዕድል ስራሕ ብምፍጣር ኣብ ምንቅስቓስ ቑጠባ እታ ክልል እወንታዊ ብፅሒት ኣብ ምብርካት ይርከባ።

ኣብ ከተማ ኣክሱም'ውን ቑፅረን ዘይነዓቕ ትካላት ማኑፋክቸሪንግ ናብ ስራሕ ኣትየን ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከባ ኮይነን ንብርክት ዝበሉ ወገናት ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣር ይርከባ። ካብኣቶም ድማ ኣብ ምፍራይ ሳይክል ዝተዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ከላልየኩም። ኣይተ ገ/ጅወርግስ ገ/ስላሴ ነባርነቶም ኣብ ከተማ ኣክሱም እዩ። ኣብታ ከተማ ትካል መፍረዪ ሳይ ክል ብምጥያሽ ናብ ስራሕ ኣትዮም። “መፍረዪ ተሽከርከርቲ ገ/ጅወርግስ ገ/ስላሴ” ዝብል ትካል ኣብ ምፍራይ ተሽከርከርቲ ትኹረት ገይሩ ዝነጥፍ ትካል ብምጥያሽ ሐዚ ሳይክል ብምፍራይ ናብ ዕዳጋ ኣብ ምቕራብ ይርከቡ። እቲ ትካል ብሰለስተ ሚልዮን ብር መበገሲ ካፒታል ምፍራይ ሳይክል ዝጀመረ ኮይኑ ሐዚ ድማ ናብ 39 ሚልዮን ብር ካፒታሉ ብምዕባይ ስራሕቱ ኣብ ምስፍሕፋሕ ከም ዝርከብ ኣካያዲ ስራሕ ”መፍረዪ ተሽከርከርቲ ገ/ጅወርግስ ገ/ስላሴ” ኣይተ ገ/ጅወርግስ ገ/ስላሴ ይገልፁ።

ትካል መምረቲ ተሽከርከርቲ ገ/ጅወርግስ ገ/ስላሴ እንትጣየሽ ነቲ ከባቢ ንምጥቃም ዓሊሙ እንትኸውን ን17 ወገናት ዕድል ስራሕ ፈጢሩ እዩ። ብተወሳኺ ንሕ/ሰብ ብዝተመጣጠነ ዋጋ ሳይክል ብምቕራብ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ሕፅረት ተሽከርከርቲ ንምፍታሕ ዝለዓለ ረብሓ ኣብ ምብርካት ይርከብ።

ሐዚ ኣብ ዓለም ዋጋ ነዳዳ ብምውሳኹ ብነዳዲ ዝሰርሓ ተሽከርከርቲ ኣብ ምጥቃም ዝለዓለ ፀገም እናተፈጠረ ብምኧኑ ነዚ ንምፍታሕ ድማ ሳይክል ምጥቃም ወሳኒ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ትግራይ ኢሉውን ኣብ ኢትዮጵያ ሳይክል ብተመጣጣኒ ዋጋ ብምቕራብ እቲ ዘሎ ናህሪ ዋጋ መጉዓዓዝያ ኣብ ምቕላል ናይ ባዕለን እወንታዊ ብፅሒት ከም ዝፃወታ ኣይተ ገ/ጅወርግስ ይሕብሩ።

ኣይተ ገ/ጅወርግስ ቕድም ክብሉ ነጋዳይ ብምንባ ሮም ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኣውሮፓን ካልኦት ሃገራ ትን ብስራሕቲ ንግዲ ይመላለሱ ነይሮም። ካብተን ዝኸድወን ዝነበሩ ሃገራት ተመኩሮ ብምውሳድ ኣብ ሃገሮም ኢሎም'ውን ኣብ ከባቢኦም መፍረዪ ተሽከርከርቲ ንምጥያሽ ብምልዕዓል ናብ ተግባር ኣትዮም። ሐዚ ደረጅኣን ዝሓለዋ ሳይክል ብምፍራይ ናብ ዕዳጋ ዝኣተዉ ኮይኑም ብዝተመጣጠነ ዋጋ ንሕብረተሰብ ካብ ጉንበት 18/2016 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ምቕራብ ይርከቡ።

”ናዓይ ካብ ምባል ንዓና ምባል የሓይሽ” ይብሉ ኣይተ ገ/ጅወርግስ። እዚ ድማ ኣነ ጥራሕ ክጥቀም ምባል ንውልቀ እምበር ንህዝቢ ኢሉ'ውን ንሃገር ዘይጠቕምን ንቕድሚት ዘይወስድን ሓሳብ እዩ። ንዓና ምባል ግና ንባዕልኻ፣ ንካልኦት ወገናትን ንከ ባቢኻን ዝጠቕምን ድኽነት ንምጥፋእ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ወሳኒ ብፅሒት ዘለዎን ሓሳብ እዩ። ስለዚ ከባቢኻ ሒዝኻ ምዕባይ ስለ ዝከኣል ንህዝብን ንሃገርን ኣብ ዝጠቅም ሓሳብ መዋእለ ንዋይ ምፍ ሳስ ወሳንን ገዛእን ሓሳብ ምኧኑ ብምእማን ኣብ ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ብፍላይ ኣብ ምፍራይ ሳይክል ተዋፊሮም ኣብ ምንቅስቓስ ይርከቡ።

ካብቶም ኣብታ ትካል ዕድል ስራሕ ዝተፈጠረሎም ወገናት መንእሰይ ገ/መድህን ሓጎስ ሓደ እዩ። ብስራሕቲ ብየዳ'ውን ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ተምሃራይ ዩንቨርስቲ ኮይኑ ብትርፊ እዋኑ'ውን ኣብቲ ትካል ኣብ ምስራሕ ዝርከብ ኮይኑ ዝሓሸ ተመኩሮ ስራሕን ኣታዉን ከም ዝረኸበ ይሕብሩ።

ኣብቲ ትካል ምስርሑ ብዙሕ ረብሓ ዝረኸበ ኮይኑ ዘመናዊ ዝኾኑ ቴክኖሎጅታት ካብ ምፍላጥን ምጥ ቓምን ሓሊፉ ዝለዓለ መንፈስ ስራሕ ካብ ኣይተ ገ/ጅወርግስ ገ/ስላሰ ተማሂሩ እዩ። ንቐፃሊ'ውን ካብ ኣይተ ገ/ጅወርግስ ዝተፈላለዩ ተመኩሮታት ብምምሃር ናይ ባዕሉ ትካል ንምኽፋት ትኹረት ገይሩ ኣብ ምስ ራሕ ከም ዘሎ መንእሰይ ገ/መድህን ይዛረብ።

መንእሰይ ገ/መድህን ንዓድኻን ንወገንኻን ኢልካ ምስራሕ ካብ ኣይተ ገ/ጅወርግስ ምምሃሩን ንቐፃሊ ድማ ንከባቢኡን ወገኑን ኣብ ዝረብሕ ዓውዲ ስራሕ ብምውፋር ናይ ባዕሉ ትካል ንምጥያሽ ዓሊሙ ኣብ ምስራሕ ከም ዝርከብ ይገልፅ።

ድልየት እንተሃልዩካ ስራሕ ኣይስኣንን ይብል መንእሰይ ገ/መድህን። ስራሕ ከይነዓቕካ እትኽ እሎ ስራሕ ብምውጋን ናብራኻ ብምምራሕ እተዓ ብየሉ ኩነታት ብምህላዉ ስራሕ ዘይብሎም መናእሰይ ኣብ ዝኽእልዎምን ዘዋፅኦምን ስራሕ ተዋፊሮም ክሰርሑ ከም ዘለዎም መንእሰይ ገ/መድህን ይምዕድ።

ኣብታ ከተማ ኣብ ስራሕቲ ሓፂነ መፂን ዝተዋፈሩ ልዕሊ 100 ዝኾኑ መንቀሳቐስቲ ዘለዉ ኮይኖም ውሱናት ድማ ኣብ ክላስተር ሸድ ዝርከቡ ኾይ ኖም ስራሕቶም በቢ እዋኑ ክትትልን ደገፍን ብም ግባር ዘለዎም ክፍተት ንምምላእ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓስ ይግበር ከም ዘሎ ኣብ ከይዲ ስራሕ ማኑፋክቸሪንግ ከተማ ኣክሱም ክኢላ ኢንዳ ስትርያል ኤክስንቴንሽን ኣይተ ሃፍቶም ጊደይ ይገልፁ።

ኣናእሽተይ፣ ማእኸለዎትን ዓበይትን ትካላት ማኑፋክቸሪንግ በቲ ከይዲ ስራሕ ይድገፉ እዮም። በቢ እዋኑ ናብ ከባቢኦም ብምኻድ ሞያዊ ደገፍን ክትትልን ብምግባር ኣብ ዝተዋፈርሉ ዓውዲ ስራሕ ውፅኢታዊ ንክኾኑ ብትኹረት ይስራሕ እዩ። ናብ ትካሎም ብምኧድ ዓርባዕቲኦም ተግባር ተኮር ደገፋት ማለት'ውን ከም ሞያዊ ክእለት፣ፈጠራ ዕድል ስራሕ፣ ቴክኖሎጅን ካይዘን ዝሕገዝሉ ኩነታት ኣሎ። ዘለዎም ፀገም ብምንፃር ክፍተት መሰረት ዝገበረን ክፍተቶም ክመልእ ዝኽእል ስልጠናታትን ደገፋትን ይግባረሎም እዩ። ብመሰረት'ዚ እቶም ናብ ስራሕ ዝኣተዉ ትካላት ማኑፈክቸሪንግ ዘለዎም ፀገማት በቢ እዋኑ ብምፍታሕ ዝሓሸ ዓቕሚ ፈጢሮም ውፅኢታዊ ዝኾኑሉ ኩነታት እናተፈጠረ ከም ዝኾኑ ኣይተ ሃፍቶም የረድኡ።


ኣብታ ከተማ ሐዚ ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከቡ ትካ ላት ማኑፋክቸሪንግ ኣስታት 242 ትካላትን ዘለዋ ኮይነን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ማኑፋክቸሪንግ ተዋፊሮም ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። እቶም ትካ ላት በቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ናብ ባዶ ተመሊሶም ዝነበሩን ብናይ ባዕሎምን ስድርኦም ሓገዝ ናብ ስራሕ ብምእታዉ ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከቡ እዮም። በቢእዋኑ መንግስታዊ ደገፋት ኣብ ሽዱሽተ ዘፈራት ማኑፋክቸሪንግ ንዝተዋፈሩ ወገናት ዝግበረሎም ኮይኑ በቢ እዋኑ ዘተባብዕ ውፅኢት ኣብ ምምዝጋብ ከም ዝርከቡ ምክትል ዘፈር ቑጠባን መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ማኑፋ ክቸሪንግ ኢንዳስትሪን ከተማ ኣክሱም ኣይተ ፀጋይ ሃይሉ ይገልፁ።

ብተወሳኺ ምትእስሳር ዕዳጋ'ውን ዝተገበረሎም ኢንተርፕራይዛት ዘለዉ ኮይኖም እዚ ድማ ተጠና ኺሩ ዝኸደሉ ኩነታት ንምፍጣርን መሊእኻ ኩለመዳያዊ ክትትልን ደገፋትን ንምግባር ብት ኹረት ብምስራሕ ትካላት ማኑፋክቸሪንግ ውፅ ኢታዊ ዝኾናሉ ኩነታት ንክፍጠር ከም ዝስራሕ ኣይተ ፀጋይ ይሕብሩ።

ኣብ መወዳእታ ትካላት ማኑፋክቸሪንግ ከተማ ኣክሱም ካብቲ ኣጋጢምወን ዝነበረ ዕንወት ቀስ ብቐስ ብምውፃእ ናብ ንቡር ምንቅስቓስ ምእታዉ ምጅማረን ዘተባብዕ ውፅኢት እዩ። ኮይኑ ግና ምሉእ ብምሉእ ዝነበረን ክፍተት ተፈቲሑ ማለት ግና ኣይኮንን ሐዚ'ውን ብኹሉ መዳይ ክትትልን ደገፍን ዘድሊ ኮይኑ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ትካላት ማኑፋክቸሪንግ ዘለዉ ፀገማት ብቅል ጡፍ ንምፍታሕ ብትኹረት ክሰርሑ ይግባእ።



ኣይተ ገ/ጅወርግስ ገ/ስላሴ ኣካያዲ ስራሕ ”መፍረዪ ተሽከርከርቲ ገ/ጅወርግስ ገ/ስላሴ”



ኣብ ትካል ”መፍረዪ ተሽከርከርቲ ገ/ጅወርግስ ገ/ስላሴ” ተሰሪሖን ንዕዳጋ ዝቐረባ ሳይክላት

# ዕብየት ሕንጦታት

ብተስፋልደት ገ/ማርያም

ንምኧኑ ቀንዲ መንቀሊ ሓደጋ ሞት ህፃናትን ሕንጢያትን እንታይ እዮም? እንተይልና ብቀንዱ ሕማም ውፅኣት፣ ሳንባ ምቺ (ኒሞንያ)፣ ረኽሲ(ኢንፈክሽን)፣ ዓሶ፣ ንፍዮ፣ ኤች ኣይ ቪ፣ ምስ ሕፅረት ምግቢ ተኣሳሲሮም ዘጋጥሙ ሕማማት ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ እዮም። ካብቶም ንትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህፃናት ቀንዲ ቀተልቲ ተባሂሎም ዝተነፀሩ ሕማማት ሓደ ድማ ረኽሲ እዩ።

ሕማም ረኽሲ ዝበሃል ሓንቲ ኣዶ ቖልዓ ምስ ወለደት ዘጋጥማን ኣዝዩ ብርቱዕ ዝኾነ ረስኒ ዘስዕብ እንትኸውን ከም ሃገር 20 ምኢታዊ ህፃውንቲ በቲ ሕማም ከምዝጥቅዑ ሃገርለኸ መፅናዕቲ የመላኽት። እቲ ዝበዝሐ ሕማም ረኽሲ ህፃናት ዘጋጥም ድማ ኣብ ገዛ ኣብ ዝወልዳ ኣዴታት ኮይኑ ፅሬት ዘይሓለወ ከይዲ ሕርሲ እንትህሉ እዩ። እዚ ማለት ቖልዓ ምስተወለደ ዕትብቱ ክቁረፅ ከሎ ፅሬቱ እንተዘይሓልዩን መከላኸሊ ፈውሲ እንተዘይተገይሩሉን ዝፍጠር ምኧኑ እዩ እቲ ዝተገበረ መፅናዕቲ ዘመላኽት።

ካሊእ ንሞት ህፃናት ምኽንያት ዝኾነ ሕማም ሳምባ ምቺ (ኒሞንያ) እንብሎ እዩ፡፡ እቲ ሕማም መብዛሕቲኡ ኣብ ሕንጦያት ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝኾኑ ህፃናትን ዘጋጥም ዓይነት ሕማም እዩ። ከምዚ ዓይነት ሕማም ከም ሃገር 25 ሚኢታዊ ዝርአ እዩ። 80 ሚኢታዊ ጥዕና ደቂ ሰባት ካብ ጥንሲ ክሳብ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ዘሎ እዋናት ዝዓቢ ብምኧኑ ኣብ'ዚ ዕድመ ንዝርከቡ መሪሕ ህፃናት ንምክንካን፣ ሓላፍነት ስድራን መንግስትን ልዑል ክኸውን ከምዘለዎ ሓላፊ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ትግራይ ዶ|ር ኣማኑኤል ሃይለ ይሕብሩ።

ድሕሪ ውዕሊ ፕሪቶርያ እውን ትግራይ ተፀባይት ሰብኣዊ ሓገዝ ከም ዝኾነትን፣ ብፍላይ ኣዴታትን ህፃናትን ንጥምየት ዝተቓልዑ ብምኧኖም ኣብ ህንፀት ጥዑይ ዜጋ ከቢድ ሓደጋ የብፅሕ ምህላዉን ዶ|ር ኣማኑኤል የረድኡ።

መጠን ድኽዳኸ ህፃናት ኢትዮጵያ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት ከም ዝርከብን ነዚ ምክልኻል ኣብ ፈላሞት ሰለስተ ዓመታት ዝርከቡ ህፃውንቲ ምግቢ ሓዊሱ ውሑስ ሰላምን ፅጥታን ከም ዘድልዮምን ዝገለፁ ድማ ኣማኻሪ ሚኒስትር ጥዕና ፌዴሪኢ ፕሮፌሰር ስለሺ ግርማ እዮም።

80 ሚኢታዊ ጥዕና ደቂ ሰባት ካብ ዕለተ ጥንሲ ጀሚሩ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ኣብ ዘሎ ግዚያት ዝዓቢ ብምኧኑ ኣብ'ዚ ዕድመ ንዝርከቡ መሪሕ ህፃናት ንምክንኻን፣ ሓላፍነት ስድራ ልዑል ክኾውን ከም ዝግባእን፣ መንግስቲ ድማ ንሰራሕተኛታት መንግስቲ መሐብሐቢ ህፃናት ክሃንፅ ይግባእ ዝበሉ ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ፌዴሪኢ ኣካያዲ ስራሕ ክንክን ጥዕና ህፃናት ኣይተ መለስ ሰለሙን እዮም።

ኣዴታት፣ ወላዲ፣ ኣሕዋተን ኣሓትን ብሓፈሻ ኩሉ ኣካል ሕ/ሰብ ኣብ ምዕባይ ሕንጦታት ዘጋጥሙ ፀገማት ክፈልጥዎም ዝግባእ ገሊኦም ዝስዕቡ እዮም፡ ፡ ጡው ዘይምጥዋዉ ወይ ድማ ድሌትን ዓቕምን ምጥዋዉ ምድኻም፣ ተሎ ተሎ ምትንፋስ፣ ኣብ ሓደ ዉሽጢ ደቂቃ ልዕሊ 60 ጊዜ ዘትንፍስ እንተኮይኑ፣ ንንዉሕ ዝበለ ጊዜ ዝፀንሕ ምምቡሃቕ፣ ሰዉነቱ ኣዝዩ ምዝሓል ትሕቲ 35.5 ዲግሪ ሰልሸየስ እንተኮይኑ፣ ምንቅጥቃጥ ሰዉነት እንተሃልይዎ፣ ብተኸታታሊ ሓያል ተምላስ ምህላው፣ ዓይንን ሰውነትን ብጫ ምኧን፣ ብጣዕሚ ምፍዛዝን ዘይምንቃሕን ዓርሶም ምስሓትን፣ ምፅላም ከንፈርን መልሓስን፣ ልዕሊ መጠን ምንፋሕ ከብዲ፣ ምስተወልደ ኣብ 48 ሰዓታት ዉሽጢ ፍታን እንተዘሸይኑ፣ ምስተወልደ ኣብ 24 ሰዓታት ውሽጢ ሽንቲ ማይ እንተዘይሸይኑን ኣዴታትን ወላድን ንሕንጦየን ናብ ዘመናዊ ሕክምና ክወስደኦም ከምዘለወን ስፔሻሊስት ሓኪም ህፃናት ዶ/ር ፋሲል መንበረ ይገልፁ፡፡

ቢሮ ጥዕና ትግራይ ምስ ሚኒስተር ጥዕናን መዳርግቲ ኣካላትን ብምውዳድ ስራሕቲ ፕሮግራም መራሒ ዕብየት ሕንጦታት (ECD) ክስርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ንምስራሕ ምርድዳእ ንምግባር ዕላማ ዝገበረ ምኧኑ ተገሊፁ እዩ፡፡

ኣብቲ መድረኽ ዘተ ህልው ኩነታት ዕብየት ህፃናት ትግራይ መበገሲ ሓሳብ ዘቕረቡ ኣይተ መለስ ሰለሞን፡- ስራሕቲ ፕሮግራም መራሒ ዕብየት ሕንጦታት (Early Child Development) ኣብ ዕብየት ህፃናት ወሳኒ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡ ብፍላይ ኣብ ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመት ብዝበፅሐ ኩናትን ጉድኣትን ህፃናት ትግራይ ድምፂ ኩናት፣ መሳርሒ ኩናት፣ ስቓይን ብኽያትን ኣዴታት እናሰምዑ ብስነ ኣእምሮ እናተጎድኡ ከምዝፀንሑ ኣዘኻኺሮም፡፡

እዞም ህፃናት ካብዚ ፀገም እዚ ንምውፃእ ኣብ ድሕረ ኩናት ክስርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ሕውየት ስነ ኣእምሮን ክንክንን ብምሉእነት ምትግባር ከምዝግባእን ፕሮግራም መራሒ ዕብየት ሕጦታት ኣብ ትግራይ ኣድላዪ እዩ፡፡ ብመሰረት'ዚ ህፃናት ትግራይ ካብ ዝነበርዎ ፀገም ስነ ኣእምሮ ወፂኦም ኣእምርኦም ብዛዕባ ሰላም፣ ሓልዮትን ተስፋን ክሓስቡን መፃኢ ህይወቶም ጥጡሕ ኩነታት ንምፍጣርን ክስርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ዕላዊ ንምግባር ዝዓለመ መድረኽ ምኧኑ ኣይተ መለስ ገሊፆም።

ብመሰረት እዚ ሚኒስትር ጥዕና ኣብ ድሕረ ኩናት ህፃናት ትግራይ ብቑዓት ዜጋታት ክኾኑ ትኹረት ገይሩ ከምዝሰርሕ ብምግላፅ ካልኦት ኣብ ትግራይ ዘለዉ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ዘይመንግስታዊ ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ብዝተዋደደ መልክዑ ክሰርሑ ከም ዝግባእ ኣይተ መለስ ኣተሓሳሲቦም፡፡

ሞት ህፃናት ዘጋጥም ትሑት ክብደት ክህሉ እንተሎ፣ ዕድሚኡ ከይኣኸለ ክውለድ እንተሎ፣ ዝተፈላለዩ ረኽስታትን ካልኦት ሕማማትን ከጋጥሞም ከሎ ዝመፅእ ኮይኑ ነዚ ተኸታቲልካ ኣብ ምንካይ ግና ኣብ ሰብ ሞያ ዘጋጥሙ ክፍተታት እዮም።

ስለዝኾነ ሞት ህፃናትን ሕንጢያትን ንምንካይ እተን ዝተቐመጣ ክልተ ዓንድታት ብፍላይ ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበረ ክንክን ጥዕና ህፃናትን ሕንጠያትን ኣበርቲዕኻ ምስራሕ የድልዮ። ብድምር ሞት ህፃናትን ሕንጠያትን ንምንካይ ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ሓንቲ ኣዶ ምስ ጠነሰት ክሳብ ትወልድ ኣርባዕተ ግዜ ስርዑ ምርመራ፣ ድሕሪኡ እውን ኣብ ትካላት ጥዕና ክትወልድ ምግባርን ፅሬት ከባቢኻ፣ ዓርስኻን ህፃንን ምሕላዉ፣ ኩሎም ክታበታት ብኣግባቡ ህፃናት ክወስዱ ምግባር፣ ዝኾነ ባህሪ ለውጢ ከም ምብኻይን ምግቢ ምቕናስን ካሊእን ከርኢ ከሎ ናብ ሕክምና ምዉሳድ፣ ክትትል ጥዕና ሕንጦት ብስርዓት ምግባር፣ ኣመጋግብኡን ድሌታቱን ብዝግባእ ምፍላጥን ምክትታልን ካልኦትን ምግባር ሕንጦ ካብ ሞት ምክልኻል ምኧኑ ምግንዛብን ምትግባርን ጊዜ ዝጠልቦ ወሳኒ ተግባር እዩ። ብፍላይ ቀንዲ ቐተልቲ ሕማማት ብዝቐነሰ ቑፅሪ ሞት ሕንጦታት እውን ምንካዩ ስለዘይተርፍ ዝተቐመጠ ስትራተጂ ጥዕና ንምዕዋት ስራሕቲ ኣቐዲምኻ ምክልኻል ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ይግባእ ንብል።



ንህፃናት ግቡእ ክንክን ብምግባር ጥዕንኦም ክሕሎ ይግባእ



ንህፃውንቲ ሕማም ተኸላኺልቲ ምግብታት ምምጋብ ንምምሕያሽ ጥዕና ወሳኒ እዩ

ምልክታ ዝቃለሐሉ

## ዞባ መቐለ

### ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ኣይተ ኣበራ ሓጎስ ካሕሳይ
ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ዘነበች ካሕሳይ ወልደገሪማ ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃም ፍ/ብሄር ክርክር ጉዳይ ኣብ ከተማ ዓዲጉደም ቀጠና 1 ዝርከብ ብሽም ኣፈ/ኸሳሲ ኣይተ ኣበራ ሓጎስ ካሕሳይ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ብምብራቕ መንገዲ ብሰሜን ማይ ገንኢ ብምዕራብ ሳርት ወይ ቴሌ ታወር ብደቡብ ዳሽን ባንክ ገዛ ዝዋሰን ስፍሓቱ 375 ካሬ ሜትር ናይ ሓዳር ንብረት ጠቕላላ ናይቲ ገዛን ቦታን መነሻ ዋጋ 4 428 761.16/100 /ኣርባዕተ ሚልዮንን ኣርባዕተ ሚእትን ዕስራን ሸሞንተን ሽሕን ሸውዓተ ምእትን ሱሳን ሓደን ብርን 16/100 / ቅርሺ ስለ ዝኾነ በቲ ግምት መሰረት ብጨረታ ንክሸወጥ ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 25/11/2016 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡30 ክሳብ 6፡30 ናይቲ ውፅኢት ጨረታ ዝቐርበሉ ዕለት 25/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ኣካል ናይቲ ጨረታ ዋጋ ግምት 25% ቅድሚያ ዝኸፍል ምዃኑ ፈሊጥኹም እቲ ዝተረፈ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣታዊ ዝገብር ምዃኑ ፈሊጥኹም እቲ ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ ኣብ ከተማ ዓዲ ጉደም እቲ ገዛን ቦታን ኣብ ዝርከበሉ ንክትጫረቱ ዝብል ሓድነት ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ሓድነት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲ 1/ወ/ሮ ራሕማ ሓጂ ሳሊሕ መሓመድ
2/ወ/ሮ ከይርያ ሓጂ ሳሊሕ መሓመድ
3/ወ/ሮ ኸድጃ ሓጂ ሳሊሕ መሓመድ
4/ኣይተ ኣሕመድ ሓጂ ሳሊሕ መሓመድ
5/ኣይተ መሓመድ ሳኒ ሓጂ ሳላሕ መሓመድ
ናይ መዋቲት ወላዲትና ወ/ሮ ኣረጋሽ ዱባለ ጠይብ ወረስቲ ምዃና ተረጋጊፁ መረዳእታ ይወሃበና ኢሎም ብፅሑፍ ኣመልኪቶም እዮም ስለ ዝኾነ ካብዞም ዝተጠቐሱ 5ተ ቁፅሪ ሰባት ወፃኢ ካልእ ወራሲ እየ ኢሉ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 10/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንክቐርብ ዞባ መቐለ ሸሪዓ ቃዲ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ዞባ መቐለ ሸሪዓ ቃዲ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ደቡብ

ኸሳሲት - ወ/ሮ ዓምርያ መሓመድ ስሌማን
ጠበቓታት ፡- ዓወት እያሱን ፣ ተካ ኣባተን
ተኸሳሲ - ኣይተ ጣህር መሓመድ ስራጅ ኣብ መንጎኹም ብዘሎ ብናይ ንብረት መቆሎ ክርክር ጉዳይ መሰረት ተኸሳሲ ኣይተ ጣህር መሓመድ ስራጅ ስለ ዘየለኹም ናብ ጅዳ ከይዶም ስለ ዝተብሃልኩም ንዕለት 04/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 4፤00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ወ/ራ/ዓዘቦ ኣዚዙ ኣሎ ።

**ወረዳ ራያ ዓዘቦ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

## ዞባ ምብራ ቕ

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሰስቲ 1/ ኣይተ ታደሰ መሓሪ ወ/ኤል ፣ 2/ኣይተ ሃፍታይ ግርማይ ደስታ ፣ 3/ ኣይተ ገ/ሄር መዝገበ ታፈረ ፣ 4/ኣይተ ገ/ሂወት መዝገበ ታፈረ መንጎ ብዘሎ ናይ እምባጓሮ ገበን ክርክር ጉዳይ ተኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ንዕለት 04/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ውቅሮ ቀሪብኩም ንክትከራኸሩ ተኣዚዙ እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ውቅሮ**

ኸሳሲ ዞባ ምብራቕ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲት 1/ ወ/ሪት መዓርግ ኣለም ደስታ ወረዳ ኣፅቢ ጣብያ ገ/ኪዳን ቁሸት ሕጨን መንጎ ብዘሎ ናይ እምባጓሮ ገበን ክርክር ጉዳይ ተኸሳሲት ንዝቐረበልክን ክሲ ንዕለት 04/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ውቅሮ ቀሪብክን ንክትከራኸራ ተኣዚዙ እንተዘይቀሪብክን ግና ጉዳይኽን ብዘየለኽናሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ውቅሮ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ ኣይተ ሰዓረ ገ/ገርግስ ገ/ሚካኤል ኣ/ሻ ወረዳ ብዘት ዞን 4ተ
መንጎ ብዘሎ ናይ ፈተነ ግፍዓወተ ቅትለት ገበን ክርክር ንስኹም ኣብ ዞባ ምብ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲግራት ንዕለት 10/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቆፀሮ ስለ ዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለት ቆፀሮኹም ቅረቡ እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ምብራቅ**
**ምድብ መጋባእያ ዓዲግራት**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ ኣይተ ሮቤል ንጉሰ ግርማይ ኣ/ሻ ወ/ጋ/ ኣፈሹም ጣ/ጎልዓ ገናሕቲ ቁ/ውዕዮ
መንጎ ብዘሎ ናይ ግፍዓዊ ቅትለት ገበን ክርክር ንስኹም ኣብ ዞባ ምብ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲግራት ንዕለት 16/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ቆፀሮ ስለ ዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለት ቆፀሮኹም ቅረቡ እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራ እዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ምብራቅ**
**ምድብ መጋባእያ ዓዲግራት**

ወ/ሮ ራህዋ ዶሪ ዝተብሃላ ብቲን ቁፅሪ 0005072533 ብዘርፊ ንግዲ ኤሌክትሮኒክስ ዝፍለጣ ናይ ከተማና ወረዳና ግብሪ ከፋሊት መሸን ቁፅሪ LEK10190 መሳ ርሒ መመዝገቢ መሸጣ ብዕለት 12/3/2013 ዓ/ም ከም ዝጠፍኣን ስለ ዘመልከታና ኣብ ጥቕሚ ንኸይ ውዕል ነፍልጥ ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓዲግራት**

ወ/ሮ ሮማን ዳኘው ዝተብሃላ ብቲን ቁፅሪ 0001444809 ብዘርፊ ንግዲ ምግቢቤትን ማ/ክራይ ዝፍለጣ ናይ ከተማና ወረዳና ግብሪ ከፋሊት መሸን ቁፅሪ LEK15760 መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ ብዕለት 12/03/2013 ዓ/ም ከምዝጠፍኣን ስለ ዘመልከታና ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ነፍልጥ ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓዲግራት**

ወ/ሮ ሕብረት ገ/ስላሴ ዝተብሃላ ብቲን ቁፅሪ 0001394685 ብዘርፊ ንግዲ ሆቴል ዝፍለጣ ናይ ከተማና ወረዳና ግብሪ ከፋሊት መሸን ቁፅሪ LEK0009530 መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ ብዕለት 13/03/2013 ዓ/ም ከምዝጠፍኣን ስለ ዘመልከታና ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ነፍልጥ ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓዲግራት**

ወ/ሮ ይብራአለም ገ/ፃዲቅ ባህታ ዝተብሃላ ብቲን ቁፅሪ 0016729193 ብዘርፊ ንግዲ ጅምላ ቡና ዝፍለጣ ናይ ከተማና ወረዳና ግብሪ ከፋሊት መሸን ቁፅሪ LE41034 መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ ብዕለት 16/3/2013 ዓ/ም ከምዝጠፍኣን ስለ ዘመልከታና ኣብ ጥቕሚ ንኸይ ውዕል ነፍልጥ ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓዲግራት**

ኣይተ ሃይሉ ወ/ማርያም ዝተብሃሉ ብቲን ቁፅሪ 0001332413 ብዘርፊ ንግዲ ምምራት ባኒ ዝፍለጡ ናይ ከተማና ወረዳና ግብሪ ከፋሊ መሸን ቁፅሪ LEN0003860 መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ ብዕለት ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ከምዝጠፍኦም ስለ ዘመልከቱና ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ነፍልጥ ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓዲግራት**

ኣይተ ተክላይ ካሳ ግደይ ዝተብሃሉ ብቲን ቁፅሪ 0001332071 ብዘርፊ ንግዲ ጅምላ ሸ/ሸቀጥ ዝፍለጡ ናይ ከተማና ወረዳና ግብሪ ከፋሊ መሸን ቁፅሪ LE4195 መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ ብዕለት 16/3/2013 ዓ/ም ከምዝጠፍኦም ስለ ዘመልከቱና ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ነፍልጥ ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓዲግራት**

ኣይተ የማነ ብርሃን ገ/ሄር ዝተብሃሉ ብቲን ቁፅሪ 0045965704 ብዘርፊ ንግዲ ቢራ መከፋፈሊ ዝፍ ለጡ ናይ ከተማና ወረዳና ግብሪ ከፋሊ መሸን ቁፅሪPo LEK001076 መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ ብዕለት 20/3/2013 ዓ/ም ከምዝጠፍኦም ስለ ዘመል ከቱና ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ነፍልጥ ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓዲግራት**

ኸሳሲት ወ/ሮ ተክኤን ተስፋይ ኣበራ
ተኸሳሲ ኣይተ ክብሮም ገ/ፃዲቅ ገ/ስላሴ መንጎ ብዘሎ ናይ ሓዳር ስንብት ፍታብሄር ክትዕ ተኸሳሲ ኣብ ዘለኩም ናይ ሓዳር ስንብት ኣብ ቆፀሮ ዕለት 04/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ወ/ፃ/እምባ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ፃዕዳ እምባ**

ብኸሳሲ ኣርሚ 33 ዓ/ሕጊ
ብተኸሳሲ ፡- ተጋዳላይ ደስታ ሃ/ኪሮስ ኣድራሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምብራቅ ወረዳ ኣፅቢ ጣብያ ዛሬማ
ሞንጎ ብዘሎ ናይ ገበን ቅትለት ክሲ ክርክር ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታተሉ ብዘይምኽ ኣልኩም ማእኸል ቀዳማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ሰራዊት ትግራይ ኣብ ገ/መ/ቁ/ቤ/ፍ/ሰ/ት 00455 ብዕለት 10/10/2016 ዓ/ም ኣብ ዝወዓለ መጋባእያ ተኸሳሲ ንዕለት 14/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ቅድሚ ቀትሪ ንክቐርብ እንተዘይቀሪቡ ግን መዝገቡ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ማእኸል ቀዳማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ሰራዊት ትግራይ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ማእኸል ቀዳማይ ብርኪ ቤት**
**ፍርዲ ሰራዊት ትግራይ**

ብኸሳሲ ኣርሚ 33 ዓ/ሕጊ
ብተኸሳሲ ፡- ተጋዳላይ ፀጋይ ሃይለኪሮስ ኣድራሻ ክልል ትግራይ ዞባ መቐለ ክፍለ ከተማ ሰሜን ጣብያ ፈለግ ዳዕሮ
ሞንጎ ብዘሎ ናይ ገበን ጓል ኣንስተይቲ ኣገዲድካ ምድፋት ክሲ ክርክር ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪ ብኩም ክትከታተሉ ብዘይምኽኣልኩም ማእኸል ቀዳማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ሰራዊት ትግራይ ኣብ ገ/መ/ቁ/ቤ/ፍ/ሰ/ት 0010/15 ብዕለት 10/10/2016 ዓ/ም ኣብ ዝወዓለ መጋባእያ ተኸሳሲ ንዕለት 14/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ቅድሚ ቀትሪ ንክቐርብ እንተዘይቀሪቡ ግን መዝገቡ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ማእኸል ቀዳማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ሰራዊት ትግራይ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ማእኸል ቀዳማይ ብርኪ ቤት**
**ፍርዲ ሰራዊት ትግራይ**

ቀሺ ክንፈ ገብሪኤል ብርሃነ ገብሩ ብግ/ከ/ወ/ቁፅሪ 0055224001 ብዘርፊ ስሰራሕ ኮ/ሽን ማሽነሪ ክራይ ዝፍለጡ ግብሪ ከፋሊ ንዘርፊ ስርሖም ክጥቀምሉ ብቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ዓዲ ግራት ፈቓዳይነት ዘሐተምዎ ካብ 0001 ክሳብ 00050 ዘሎ ፓድ ከምዝጠፍኦም ብዕለት 29/9/2016 ስለ ዘመልከቱና ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ነፍልጥ ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓዲግራት**

ወ/ሮ ለታይ ሓጎስ ገ/ዝጊ ዝተብሃላ ብቲን ቁፅሪ 0004880582 ብዘርፊ ንግዲ ሱፐር ማርኬት ዝፍለጣ ናይ ከተማና ወረዳና ግብሪ ከፋሊት መሸን ቁፅሪ LED 450 መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ ብዕለት 8/6/2016 ዓ/ም ከምዝጠፍኣን ስለ ዘመልከታና ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ነፍልጥ ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓዲግራት**

**ናብ ገፅ 10 ይዘውር ...**

... ካብ ገፅ 9 ዝዘረ

# ዞባ ማእኸል

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ1/ኣይተ ግደይ ለገሰ ኣብርሃ
ኣብ መንጎኹም ዘሎ ፈ/ከ/ቅትለት ሰብ ክሲ ክትዕ ዋኒን ክሲ ብኣድራሻኹም ስለ ዘይተረኸብኩም ንዕለት 05/11 /2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ኣክሱም ምድ/መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ1/በርሀ ፍሰሃ ገ/ሄር
ኣብ መንጎኹም ዘሎ ሰ/ቅትለት ክሲ ክትዕ ዋኒን ክሲ ብኣድራሻኹም ስለ ዘይተረኸብኩም ንዕለት 4/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ኣክሱም ምድ/መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሰስቲ 1/በርሀ ነጋሲ ባራኪ ፣ 2/ልኡል ገብራይ ገ/ፃዲቅ
ኣብ መንጎኹም ዘሎ ኮትሮባንድ ክሲ ክትዕ ዋኒን ክሲ ብኣድራሻኹም ስለ ዘይተረኸብኩም ንዕለት 04/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ኣክሱም ምድ/መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሰስቲ 1/ረ/ሳጅን ኣንጋው ኢሸቴ ይግዛው ወ/ዓዴት ጣ/ጅራ ቁ/ከ/ጅራ
2/ኮ/ብል ጎርዲዳ ታደሰ ገ/መስቀል ወ/ዓዴት ጣ/ጅራ ቁ/ከ/ጅራ
3/ኮ/ብል ጎይትኦም ገብሩ ነጋ ወ/ዓዴት ጣ/ጅራ ቁ/ከ/ጅራ
ኣብ መንጎኹም ዘሎ ቅ/ሰብ ክሲ ክትዕ ዋኒን ክሲ ብኣድራሻኹም ስለ ዘይተረኸብኩም ንዕለት 9/ 11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ኣክሱም ምድ/መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ብኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ሂወት ገይፀ ምሩፅ ኣድራሻ ኣብ ርገለ የጭላ ጣብያ ገራይ ቁሸት ሸውዓተ ሕጉም ነባሪ ዝኾንኩም
ንዘሎ ናይ መሳርሒ ኩናት ሒዝካ ምርካብ ገበን ክሲ ጉዳይ ተመልኪቱ ኣብ ቆፀሮ ዕለት ቐሪብኩም እም ነት ክሕደት ቃል ክትህቡ ፖሊስ ብኣድራሻኹም ኣልሹ ክትርከቡ ስለ ዘይኽኣልኩም ንሓምለ 04/2016 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ንጉሆ ናብ ዓ/ዓዲ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቐሪብኩም እምነት ክሕደት ቃልኩም ንክትህቡ ኣብ ቆፀሮ ዕለት እንተዘይቐሪብኩም ግና እምነት ክሕደት ቃልኩም ናይ ምሃብ መሰልኩም ተሓሊፉ ቤት ፍርዲ ናብቲ ዝቕፅል ስነ - ስርዓት ዝሓልፍ ምዃኑ ዓ/ዓዲ ምድብ መጋባእያ ማ/ይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓ/ዓዲ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲ ያሬድ በየነ ኣረፋይነ ኣድራሻ ዞዋ ማእከል ከ/ዓድዋ ቀበሌ 06
ዓይነት ንግዲ ኣሽከርከርቲ መሰልጠኒ ቲን 0063737593 ዘይተሰረሐሉ ኢድ ብኢድ መሸጢ ደረሰይ ስለ ዝጠፍኣኒ ዝተሰረሐሉ ካብ 00001 ክሳብ 00050 ጠቕላላ ዝሰረሐ ፓድ 1 ጥራዝ ስለ ዝጠፍኣኒ እዚ ተፈሊጡ ብካልእ ኣካል ኣብ ስራሕ ንከይውዕል የፍልጥ ክብሉ ብዕለት 13/10/2016 ዓ/ም መረዳእታ ኣተሓሒዞም ከምዘመልከቱ ንሕብር ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓድዋ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሰስቲ 1/ኣይተ ሚዘር ገ/ስላሴ ፣ 2/ኣይተ ተክላይ ገ/ክርስቶስ
መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ቕትለት ሰብ ክሲ ክትዕ ተኸሰስቲ ተደሊኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኽኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኽኣልኩም ንዕለት 18/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ናይ ክሲ መዝገብኩም ናብ ዝርከበሉ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ እንትጮ ምድብ መጋባእያ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኽኢልኩም ግን ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል እንትጮ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**እንትጮ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ 1/ኣይተ ትኩእ ኣዳል በርሀ ኣ/ሻ ከተማ ገ/ስርናይ ቀጠና 02 ወረዳ እገላ
መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ቅትለት ገበን ክሲ ክትዕ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተደሊኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኽኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኽኣልኩም ንዕለት 15/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ክሲ መዝገብኩም ናብ ዝርከበሉ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ እንትጮ ምድብ መጋባእያ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኽኢልኩም ግን ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል እንትጮ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**እንትጮ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ 1/ኣይተ ገ/ማርያም ሃፍተ ገ/ኣረጋዊ ኣ/ሻ ኣሕፈሮም ጣብያ ሴሮ ቁሸት ዓዲ ወቃዓይ
መንጎ ብዘሎ ናይ ኣገዲድካ ምድፋር ገበን ክሲ ክትዕ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተደሊኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኽኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኽኣልኩም ንዕለት 15/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ናይ ክሲ መዝገብኩም ናብ ዝርከበሉ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ እንትጮ ምድብ መጋባእያ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኽኢልኩም ግን ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል እንትጮ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**እንትጮ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ 1/ ፀጋይ ተኪኤ ረዳ ዕድመ 40 ኣ/ሻ ከ/ዓ/ዓዲ ቀበሌ 03 ቐጠና ኣሉላ
ኣብ መንጎ ኣብዘሎ ናይ ከ/ስርቂ ገበን ኣመልኪቱ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ብተደጋጋሚ ብፖሊስ ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 02/12/2016 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናይ ቐትሪ ናብ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓ/ዓዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ናይ ምክልኻል መሰልኩም ተሓሊፉ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ከምዝውሰን ቤት ፍርዲ ከተማ ዓብይ ዓዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓብይ ዓዲ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ዮርዳኖስ እድንያ ወኪል ወ/ሮ ርግበ ገ/ማርያም
ተኸሳሲ ኣይተ ዜናዊ ገ/ሄር ተስፋይ ኣ/ሻ ወረዳ ኣሕፈሮም ጣብያ ምሸግ ቁሸት ዓጋም
ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ፍትሕን ቀ/ቆልዓን ዝብል ፍ/ሄር ከይዲ ተኸሳሲ ንዕለት 30/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም መልሲ ናይ ምቕራብ ድሌት ከምዘይብልኩም ተቆፂሩ ብዘየለኹምሉ ዝስማዕ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ከተማ እንትጮ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ እንትጮ**

መመልከቲት ወ/ሮ መድሂን በሪሁ
ተፀዋዒ ኣይተ ወላይ ተኽለ ገ/የሱስ ዝተብሃሉ ስለ ዝጠፍኡ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ኢለን ስለዘመልከታ ባዕሎም ወይ ካሊእ ዝቃወም ኣካል እንተሃልዩ ቅድሚ ዕለት 8/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ንክቐርብ ወረዳ ኣሕፈሮም ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ኣሕፈሮም ቤት ፍርዲ**

# ዞባ ሰ/ምዕራብ

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ 1/ተ/ወይኒ ኣደሳለም መኮነን
ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ርክብ ግብረ ስጋ ምፍፃም ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 24/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራ እዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ሽረ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ዞባ ሰ/ምዕራብ
ተኸሳሲ 1/ስዩም ገ/መድህን ትኩእ
ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ቅትለት ፈተነ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 09/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽረ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ
ተኸሳሲ 1/ገዳም ኣበበ ስዩም ከተማ ሽረ ቀበሌ 04 መ/ር 1
ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ዶብ ምስጋር ዝውዕል ሰነድ ምድላው ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 04/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽረ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ
ተኸሰስቲ 1/ጎረንሰአ ጎበዛይ ወ/ኣረጋይ ወ/ዛና ጣ/ሓድነት ቁ/ቀነፋ
2/ተክለማርያም ነጋ በርሀ ወ/ዛና ጣ/ሓድነት ቁ/ቀነፋ
ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ክትራን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 19/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽረ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ
ተኸሰስቲ 1/ ዓንዶም ጎይትኦም ብርሃነ ኣድ/ማእ/ኣድያቦ ጣ/ማይኣባይ
2/ ተስፎም ባራኺ ወለኣምላኽ ኣድ/ማእ/ኣድያቦ ጣ/ማይኣባይ
3/ ባራኺ ሃንስ ኣርኣያ ኣድ/ማእ/ኣድያቦ ጣ/ማይኣባይ

4/ጃንቦ ሃንስ ኣርኣያ ኣድ/ማእ/ኣድያቦ ጣ/ማይኣባይ
ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ዘይሕጋዊ ሰባት ዝውውር ገበን ክርክር መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢ ኹም ኣብቆፀሮ ዕለት 09/11/2016 ዓ/ም ሰዓት 2፡30 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይ ኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽራሮ**



# ሳይጉደት ዋርሲም

(ሳይጉደት ዋርሲም ቋንቋ ሳሆ ኮይኑ ደሃይ ደቂ ኣንስትዮ ማለት እዩ።)

ንጥፈታት ደቂ ኣንስትዮ ዝድህሰሱ



## ንዘላቒ ለውጢ ዝተዋደደ መንገዲ

ብብርሃን ገ/መድህን

ኣብ ዓለምና ዝለዓለ ቁጠባዉን ማሕበራዉን ፅዕንቶ ካብ ዝበፅሖም ክፋላት ሕብረተ-ሰብ ደቂ ኣንስትዮ ብቐዳምነት ይጥቀሳ። ብፍላይ ኣብ ከም ናህና ሃገር ዝበላ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ደቂ ኣንስትዮ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ቁጠባዊ ፅግዕተኛ ምዃነን ድምፀን ከይስማዕን ብዓርሰ ውሳነ ከይጓዓዛን ዓብዪ ማሕለኻ ኮይኑን ፀኒሑን ኣሎ።

ነዚ ንምስባርን ደቂ ኣንስትዮ ኩለ መዳይ መነባ ብሮኣን ንምምሕያሽን ክብላ ኣብ ዝተፈላለየ ዘፈር ስራሕ ተዋፊረን ክሰርሓ ከለዋ ይኹን ባዕለን ስራሕ ፈጢርቲ ኮይነን እንትዋፈራ ዕውታት እየን፡፡ እቲ ቀንዲ ጉዳይ ሰራሕ ብዘይምንዓቕ ኣብ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ብምውፋርን ዝምልከቶ ኣካል ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ምቹው ዝኾነ ስራሕቲ ምትዕርራይን እን ትገብር እዩ። ስለዚ ኣብ ናይ ሎሚ መደብና ኣብ ዞባ ምብራቕ ዘሎ ምንቅስቓስ ተጠቃምነት ደቂ ኣንስ ትዮ ከነቕርበልኩም መሪፅና ኣለና ሰናይ ንባብ።

ኣብ ዞባ ምብራቕ መንግስታዊ ይኹን ዘይመን ግስታዊ ትካላት ኣብ ዙርያ ደቂ ኣንስትዮ ዝስርሑ ስራሕቲ እናተረባረቡ ይርከቡ። ኣብቲ ዞባ ካብ ዘለዋ 18 ወረዳታት እተን 11 ገጠር ወረዳታት እየን። ስለ ዝኾነ ድማ መነባብሮን ህይወትን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ስራሕቲ ሕርሻ ዝተትሓሓዘ እዩ። ብርክት ዝበላ ደቂ ኣንስትዮ ብውልቀ ይኹን ብውዳበ ኣብ ምፍራይ ደርሁ፣ ጠለ በጊዕ ኢሉ እውን ፀባ ላሕሚ ተዋፊረን ይርከባ። እዚኣን እውን ኣብ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ፣ ሓውዜን፣ ፅራእ ወንበርታን ካልኦትን ከም ኣብነት ዝጥቀሳ እየን ክብላ መካየዲት ስራሕ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ምብራቕ ወ.ሮ ትርሓስ መኮነን ይገልፃ።

ኣብ ወረዳ ፅራእ ወንበርታ ከተማ ኣጉላዕ ኣብ ውዳበ ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳ ተዋፊረን ዝሰርሓ 54 ኣባላት ደቂ ኣንስትዮ ኣለዋ። ንሳተን ኣብቲ ከተማ ኣብ ዝርከብ ማሕበር ፀባ ላሕሚ ተወዲበን ብምስርሖን ቁጠባዊ ረብሐኦን የረጋግፃ ኣለዋ። በዚ ውልቃዊ ረብሐኦን ካብ ምምሕያሽ ብተወሳኺ ንብርክት ዝበሉ ወገናት ዕድል ስራሕ ከም ዝፈጠራን በዓል ሞያ ማሕበራዊ ሚድያን ጊዝያዊ መተሓባበሪ ጉዳያት ኮሚኒኬሽን ዞባ ምብራቕን ኣይተ የዕብዮ ሙሉጌታ ይገልፁ።

እተን ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ስራሕ ብምውፋረን ሕጉሳትን በቲ ማሕበር ብምውዳበን ድማ ብኽነት ፀባን ውፅኢት ፀባን ቐኒሱ እዩ። ምኽንያቱ ዳርጋ ኩለን ኣብቲ ስራሕ ዝተዋፈራ ደቂ ኣንስትዮ ናብቲ ማሕበር ከም ዝዓሰላን ካብኣተን ወ.ሮ ክንድሓፍቲ ክንደያን ወ.ሮ ሙሉ ምሩፅን ኣብነት ከም ዝኾና ወሲኾም ይገልፁ።

ወ.ሮ ክንድሓፍቲ ክንደያ ነባሪት ወረዳ ፅራእ ወንበርታ ጣብያ ኣጉላዕ እየን። ቅድሚ ናብዚ ስራሕ ምእታወን ኣብ ዕዳጋ ቆሎን ጥሕንን እናሸጣ ይማሓደራ ነይረን ድሕሪኡ ድማ ዕድመ እናደፍኣ ክመፃ ከለዋ ኣብ ገዝኦን ኮይነን ክሰርሓ ዝኽእላሉ መንገዲ ንምትዕርራይ ስለዝደለያ ብኸይዲ ስራሕ ደኣንት ምርባሕ ጠለ በጊዕ ዶስ ፀባ ላሕሚ ዝብል መማረፂ ቀሪቡለን ፀባ ላሕሚ መሪፀ ይብላ።

ነዚ መተግበሪ ካብ ደደቢት ፍትሓዊ ልቓሕ ብር 20 ሽሕ ልቓሕ ተዋሂብወን። ኣብ ስራሕቲ ምርባሕ ፀባ ላሕሚ ተዋፊረን። በቲ ዝተውሃብን ገንዘብ ፈለማ ሓንቲ ላሕሚ ገዚኣን ፀባን ቆሎን እናሸጣ ካልኣይቲ ላሕሚ ገዚኣን። ብሓፈሻ ኣብቲ ስራሕ ከባቢ ዓሰርተ ዓመት ከም ዘቑፀራን ሐዚ 17 መላኣትን ተሓለብቲ ምስ ኣምሩኽተንን ከም ዝበፅሓለን ይገልፃ።



ወ.ሮ ክንድሓፍቲ ክንደያ



ወ.ሮ ሙሉ ምሩፅ

ኣብ ከይዲ ስርሐን ድማ ምስቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ኩነታት ዝስርሐኦ ዝነበራ ኣብ ምዕቋር ዘይኮናስ ነቲ ዝነበረን ፀገም መውፅኢ ከም ዝገበረኦን እተን ጥሪተን ይኹና ባዕለን ድማ እቲ ዝነበረ ፀገም ብሳላ ፀበኦንን ውፅኢት ፀበኦንን ከም ዝሓለፈኦን ካብ ጎነን እውን ከም ዘይተፈለያን ወሲኸን ይገልፃ።

ሎሚ ዝተሓለበ ፀባ ብውዳበኦን ኣቢለን ንመቐለ ይሰድኦ። እተን ኣዶ ናብቲ ማሕበር ብሓደ ግዜ ልዕሊ 40 ሊትሮ ፀባ የረክባ ኣለዋ። ኩነታት ኣመጋግባ ጥሪተን ፀባ ክውስኽን ክቕንስን ከም ዝገብሮን፣ ዝሓሸ ምግቢ እንተረኺበን ሓንቲ ላሕሚ ክሳብ 14 ሊትሮ ከም ትሕለብ ይዛረባ።

ብተወሳኺ ካብ ፀባ ላሕሚ ሓሊፉ ሞተር ማይ ገዚኣን ልምዓት የልምዓ ኣለዋ። ካብቲ ዘልምዕዖ ልምዓትን ካልእን ቀለብ እንስሳት ባዕለን ይኽእላ ኣለዋ። ውፅ ኢትን ንክዓቢ ሰብ ሞያ ሃፍቲ እንስሳት እውን ዘድሊ ደገፍን ክትትልን ከም ዝገብሩለንን ንቐፃሊ እውን “ብስፊሑ ክሰርሓሉ እንተኾንኩ እምበር ካብ ፀባ ኣይፈላለን” ይብላ።

ካልእ ኣብዚ ስራሕ ዝነጥፋ ድማ ወ.ሮ ሙሉ ምሩፅ እንትኾና ኣደ ቆልዑን መራሒት ስድራን እየን። ቅድም ክብል ኣብ ስራሕቲ ኢደ ጥበብ ማለት እውን ታንቴልን ስፈን ይነጥፋ ነይረን። ነገር ግና እቲ ስራሕ ብዙሕ ለውጢ ዘየምፅእ ብምንባሩን ቀልጢፍካ ለውጢ ካብ ምድላይ ዝተልዓለ ናብ ፀባ ላሕሚ ከም ዝኣተዋን ይገልፃ።

እተን ኣዶ ስራሕቲ ፀባ ላሕሚ ብ2007ዓ.ም ዝጀመረኦ እንትኸውን ካብ ደደቢት ፍትሓዊ ልቓሕ 20 ሽሕ ብር ብምልቃሕን ኣብ ኢደን ዝነበረ 10ሽሕ ብር ብምውሳኽ ሓንቲ ላሕሚ ብብር 22ሽሕ ገዚኣን። በቲ ዝተረፈ 8000 ብር ድማ ነታ ላሕሚ ቀለብን ሰፈርን ከም ዝገበረኦ፣ ሐዚ ድማ በቲ ስራሕ ሕጉሳትን ውፅኢ ታዊትን ከም ዝኾናን በዝሐን ድማ ናብ ከባቢ 13 ዓብየናለን ከም ዘለዋ ይገልፃ።

ካብተን ዘለወኦን ፀባ ላሕሚ መዓልታዊ ካብ 70 ክሳብ 80 ሊትሮ ፀባ ይረኽባ። ዝተሓለበ ፀባ ድማ “ብኣባይ” ዝበሃል ልምዓት ጉጅለ ኣቢሉ ተኣኪቡ ንመቐለ ይርከብ። እቲ ዝተሓለበ ፀባ ብውዳበ ብምርካቡ ድማ ካብ ብኽነት ፀባን ኪሳራን “ናብ ምንታይ ክንገብሮ ኢና?” ካብ ዝብል ስግኣትን ከም ዘድሓነን ይገልፃ።

እዚ ስራሕ ኣፅፊፍካ እንተሒዝካዮን ብዝግባእ እንተሰሪሕካሉን ለዋጢ ስራሕ እዩ ይብላ። ለዋጢ ብምዃኑ ንክልተ ሰራሕተኛታት እውን ዕድል ስራሕ ፈጢረን ይርከባ። ብርኪ መነባብሮኣን እውን ማእኸላይ ኣብ ዝበሃል ብርኪ ከም ዝበፅሓ እዩ። ንቐፃሊ ድማ ነተን ኣላሕም ሳዕርን ሓሰርን ኮታስ ኣድላይ ዝበሃል ንምጉዕዓዝ እተኽእለን መኪና ንምግዛእ ትልሚ ከም ዘለወን ይዛረባ።

እተን ኣብ ስራሕቲ ፀባ ላሕሚ ዝንቀሳቐሳ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ቦታ ፅበት ከም ዘለወንን እቲ ፀገም እንተተፈቲሑለን ግና ብሰፊሑ ስራሕተን ወጊነን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ክበፅሓ ዝኽእላ እየን። ብተ ወሳኺ እውን ፀባ ላሕሚ ብሰፊሑ ኣብ ዝስረሓሉ ከባቢ ኣብ ወቕትታት ፆም ብኽነት ስለዘጋጥም መንግስቲ ይኹን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ውልቀ ሰብ ሃፍትን እቲ ፀባ ከይተበላሸወ ተዓሺጉ ዝፀንሐሉ መስርሕ እንተዝተኣታተው ዝሓሸ ይኸውን ክብላ መልእኽተን የመሓላልፋ።

ኣብ መወዳእታ ወ.ሮ ትርሓስ፡- ደቂ ኣንስትዮ ባዕለን ንጊዝያዊ መውዐሊ መሕደሪ ጥራሕ ዝኸውን ነገር ዘይኮነስ ንዘላቒ ለውጢ ድልዋት ክኾና ይግባእ። ውዳበታት ደቂ ኣንስትዮ ማለት እውን ማሕበር፣ ሊግ፣ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን ስትሪንግ ኮሚቴን እውን ዘላቒ ለውጢ ከምፅኣ ኣብ ዝኽእላሉ ጉዳያት ደቂ ኣንስትዮ ትኹረት ገይረን ክሰርሓ ኣለወን። መንግስቲ እውን እንተኾነ ንደቂ ኣንስትዮ ብዘበረታትዕ መንገዲ ዝተዋደደ ስራሕ ክውግን ኣለዎ። ብፍላይ ድማ ኣብ ተመለስቲ ጉድኣት ኣካል ተጋደልትን ፆታዊ ዓመፅ ዝበፅሐን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ርእሲ ዘለወን ፀገም በሰላ ኢኮኖሚ ተወሲኽወን ብስነ ኣእምሮ ተሃስየን ካብ ሕብረተሰበን ከይንፀላ ትኹረት ተገይሩ ክስርሐሉ ይግባእ ይብላ።

ብድምር እዘን ደቂ ኣንስትዮ እዚኣን ብህልኽን ጠንኪርካ ብምስራሕን ብዘጋጠመን ፀገም ከይተን በርከኻ በሊሕ ኣእምሮኣን ብምጥቃም እንተሰሪሐን ሚልዮነራት ዘይኮናሉ ምኽንያት የለን። ነዚ እውን ቀትርን ለይትን እናሰርሓ ይርከባ። ካብዘን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኩሉ ዓይነት ተመኩሮ ብምምሃር ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ብሉፃት ስራሕቲ ከም ዝውግና የረድእ። ስለዚ ንደቂ ኣንስ ትዮ ደገፍን ክትትልን ተገይሩለን ጊዚያዊ ሓገዝ ጥራይ እንተይኮነስ ቐፃሊ ዝኾነ መፍትሒ ተዳልዩ እግሪ ዝተኽላሉ መንገዲ ክመዓራረየለን ኣለዎ። ኩሉ መንግስታዊ፣ ዘይመንግስታውን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ሓዊሱ ንዘላቒ ለውጢ ብዝተዋደደ መንገዲ ብትኹረት ክስረሐሉ ከም ዝግባእ ይፅውዓ።



# ታንፌደ ማቴረባ

(ታንፌደ ማቴረባ ቋንቋ ኲናምኛ ኮይኑ መደብ መናእሰይ ማለት እዩ፡፡)

ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ቴክኖሎጂ፣ መናእሰይን ስፖርትን ዝቃለሐሉ





ምህጣር ኣብዑር መንእሰይ ኣወጠሀኝ ብርሃነ

## “ዝተወርወረልኻ እምኒ ደኒንኻ ኣሕልፎ!”

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ከተማ ማይጨዉ ካብ ትፍለጠሎም ስራሕቲ ደኣንት ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳት ሓደ እዩ። ኣብታ ከተማ ከባቢ ኣርባዕተ ሽሕ እንስሳት ከምዘለዋ ከይዲ ስራሕ ደኣንት ዝገበሮ መፅናዕቲ የመላክት። ካብኣተን ዝሓሸ ቑፅሪ ዘለወን ኣላሕም ፈረንጂ/ሆልስታይን/፣ ደርሁን ኣጣልን እየን። እቲ ሃፍቲ ንመናእሰይ ሰፊሕ ዕድል ስራሕ ፈጢርሎም ኣሎ። ኣብ ምርባሕ ፀባ ላሕሚ ብምውፋር በብመዓልቱ 200 ሊትሮ ፀባ ክሳብ ወሰን ከባብታት ዓፋር ጨርጨርን ካልኦትን ፀባ ብምስዳድ ተረባሕቲ ይኾኑ ኣለዉ። ካሊእ ዝሓሸ ስራሕቲ ዝረኣየሉ ልም ዓት መስኖ እዩ። በዚ’ውን ዝሓሸ ኣታዊ ዝረክቡ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ኣለዉ። እዚኣቶም ኣብ ምርግጋፅ ዕዳጋ ግዲኦም የበርክቱ ኣለዉ።

በቲ ኲናት ኣብታ ከተማ ዝነበራ ትካላት ደኣንት ብፍላይ ዘፈር ኮንስትራክሽንን ማኑፋክቸሪንግን ኮነ ተባሂሉ ክዓኑን ክዝረፍን ስለዝተገበረ ናብ ትሕቲ ባዶ ወሪዱ። ቅድሚ እቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትካላት ማኑፋክቸሪንግ ልዕሊ 100 ነይረን። ዝበዝሓ ጠቕሊለን ጠፊአን። ገሊአን ግና ብጥንካረን ፃዕርን ሰብ ዋናን ብዝተገበረለን ድጋፍን ናብ ስራሕ እናተመለሳ እየን። ብብርኪ ደኣንት ድማ 3500 ትካላት ነይረን። ካብዚአን በቲ ኲናት ልዕሊ ፍርቂ ጠፊአን እየን ክብሉ ሓላፊ ዘፈር ቁጠባ ልምዓት ከተማ ማይጨው ኣይተ ግርማይ ገ/እግዚኣብሄር ገሊፆም።

ኣብቲ ከተማ ሎሚ ዓመት 250 መናእሰይ ብምን ፃፍ ምዕሩግ እምኒ፣ 50 ድማ ፀፀር መንገዲ ዘስተኻ ኽሉን ኣብ ሽሞንተ ውዳበታት ተወዲቦም ብ23 ሚልዮን ብር ዝተበላሸወ ነባር መንገዲ ክፅግኑን ሓድሽ መንገዲ ኮብል ስቶን ክሰርሑን ገይሩ።

መንእሰይ ኣወጠሀኝ ብርሃነ ኣብ ከተማ ማይጨዉ ብዘርፊ ቁጠባ ኣብዚ ዓመት መስርሕን መሸጥን ቦታ ብምሃብ ስራሕ ካብ ዝጀመሩ መናእሰይ ሓደ እዩ። ኣወጠሀኝ ኣብ ከተማ ማይጨዉ ተወሊዱ ዓብዩ። ትምህርቱ ብመካኒክነት ተመሪቑ ኣብ ግድባት፣ ፋብሪካ ሽኮር፣ ሜቴክን ካልኦትን ብመካኒክነት ንትሽዓተ ዓመት ሰሪሑ። ኣብ ደብረ ዘይቲ ኣብ ምህጣር ከፍቲ ዝተዋፈሩን ዝተለወጡን ብዙሓት መናእሰይ ይርኢ ስለዝነበረ፤ ኣብቲ ስራሕ ልዑል ድሌት ሓዲርዎ። ድሌቱ ናብ ተግባር ንምቕያር ናብ ዝተወለደሉ ከተማ ተመሊሱ ቅድሚ ኣዋርሕ ምህ ጣር ከፍቲ ሓደ ኢሉ ጀሚሩ።

ስራሕቲ ምህጣር ንክጅምር ካብ ባንኪ ወጋገን 400 ሽሕ ብር ብ20 ሚኢታዊ ወለድ ኣብ ሓደ ዓመት ዝምለስ ተለቂሑ ጀሚሩዎ። እቲ ዝወሰዶ ልቓሕ ገሊኡ ተወሳኺ ሓደ ሼድ ንመሕደሪ ጥሪቱ ሰሪሕሉ ዝተረፈ ድማ መግዝኢ ሽሞንተ ኣብዑር፣ ንምግብን መሃያ ዝቖፀሮም ሰራሕተኛታትን ብትልሚ ተጠ ቒምሉ።

ተጠቃምነት መናእሰይ ንምዕባይ መናእሰይ እቲ ከተማ ክጥቀምሎም ኣለዎም ዝብልዎም መማ ረፅታት ልቓሕ ባንክታት ኣዋሽ፣ ወጋገን ሕብረትን ካልኦትን ብድጅታል ልቓሕ ይህቡ ስለዘለዉ ነዚኦም ብምጥቃም ስርሖም ከቀላጥፉ ኣለዎም። ነዚ ገለ መናእሰይ መረባሕቲ ሃፍቲ እንስሳት እቲ ከተማ ይጥ ቀምሎም ኣለዉ። መንእሰይ ኣወጠሀኝ ካብዚኦም ሓደ ምኳኑ ኣይተ ግርማይ ገ/ሄር ገሊፆም።

ኣወጠሀኝ ቅድሚ ፋሲካ ንፈለማ ጊዜ ሽሞንተ ኣብዑር ንክልተ ወርሒ ኣህጢሩ ሸይጡ። ንክልተ ወርሒ ዘህጠሮም ኣብዑር ብምሻጥ 70 ሽሕ ብር ትርፊ ረኺቡ። እቲ ትርፊ ንቐፃሊ ዓብይ ተስፋ ሒዙ ክሰርሕ ገይርዎ። ትርፉ ንምዕባይ ሎሚ 13 ኣብዑር የህጥርን ብርክት ዝበላ ኣባጊዕ የራብሕን ኣሎ።

መናእሰይ ልቓሕ ካብ መንግስቲ እንትወስዱ ዘድልዮም ነገር እቲ ገንዘብ ኣብ ኢዶም ቅድሚ ምሓዞም ፈለማ ዝሰርሕዎ ስራሕ ኣቐዲሞም ነፂሮም ክውስኑ ኣለዎም። ካልኣይ ኣድለይቲ ምኽርታት ኣብቲ ክሰርሕዎ ዝደልዩ ዘርፊ ዝተዋፈሩ ክረኽቡን ክትግብሩን ኣለዎም። እንተ ዘይኾይኑ ብሎሚ ፅባሕ ክጅምር ምባል ገንዘቦም ከጥ ፍእዎ ከምዝኽእሉ ምርዳእ የድሊ።

ኣወጠሀኝ በቲ ስራሕ ተመኩሮ ካብ ዝወሰደሎም መናእሰይ እቲ ከተማ ገሊኦን ደቂ ኣንስትዮ እየን። እተን ደቂ ኣንስትዮ ኅበዛት እየን። ስራሕ ፆታ ዝመርፅ ኣይኮነን። ዝኾነ ሰብ ጠንኪሩን ብተኸታታልን ተስፋ ብዘይም ቑራፅን ኣብ ዝደልዮ ዘርፊ ኣትዩ ተሰሪሑ ከምዝዕወት ተመኩሮኦም ካብ ዘካፈልዎ መናእሰይ ከምዝተረደአ ይገልፅ።

መናእሰይ ትግራይ ብፍላይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ዘጋጠመና ጥሜትን መከራን ትሕት ኢልና ስራሕ ከየማረፅና ብዘይም ስራሕና ባንኪ ምስ ተዓፀወ ገንዘብ ኣቐዲምና ኣብ ገዛና ብዘይምፅናሕናን ኢሉ’ውን ዝሓሸ እቶት ዘለዎ ግና ረሲሕኻ ዝስራሕ ስራሕ ብዘይምስራሕናን ኣዚና ጠሚና ኢና። ብዙሓት ድማ ስኣን ምግቢ ዓርሶም ኣጥፊኦም፤ ገሊኦም ድማ ኣብ ገዛ ተዓፅዮም ሞይቶም እዮም። ስለዚ ዝኾነ ሰብ ስራሕ ከይመረፀን ዓርሱ ትሕት ኢሉ ረሲሑ ብምስርሑ ዝዓበየ እምበር ዝሞት የለን። ከም ትግራይ ብፍላይ ድማ መናእሰይ ካብቲ ገጢሙና ዘሎ ውድቀት ቁጠባን ካሊእን ክንወፅእ ንኽእል ስራሕ ከየማረፅና ቀትርን ለይትን ብምስራሕን ሓድነትና ሰላምናን ብምጥንኻርን ዘዝረኸብናየን ብኣ ግባቡ ብምጥቃምን ብምዕቛርን ጥራሕ እዩ።

ካብ መንግስቲ ኮነ ካሊእ ተፀበይቲ ክንኮን የብልናን። ዘለና ጉልበትን ፍልጠትን እናራእና ትሕት ኢልካ ምስራሕ ፈለማ ሕማቕ ክመስል ይኽእል እዩ። ግና ለዋጢ እዩ። ትሑትን ድሑርን ኣተሓሳስባ እምበር ትሑት ስራሕ ዝበሃል የለን። መንግስቲ እዉን ዘሎ ኲነታት ልዕሊ ኲሉ ስለዝፈልጦ ዝለዓለ ትኹረት ኣብ መናእሰይ ክገብርን ዘድልዮም ልቓሕን ካሊእን ክቕርብን ከመቻቸዉን ኣለዎ ይብል።

ኣወጠሀኝ ንባዕሉ ብመንግስቲ ተቖፂሩ ዝሰርሕ ዝነበረ ሎሚ ግና ንሓደ ሓኪምን ንክልተ ጉልበት ሰራሕተ ኛታትን ዕድል ስራሕ ፈጢርሎም ኣሎ። ኣመራርሓን ሰብ ሞያን ዘርፊ ቁጠባ እቲ ከተማ ሞያዊ ምኽሪ ምሃ ብን ካሊእን ድጋፍን ክትትልን ይገብርሉ ከምዘለዉ ይገልፅ።

ኣብ ምህጣር ኣብዑር ዘሎ ዓብይ ፀገም ዝተመጣጠነ ቀለብ ዘይምርካብ እዩ። በዚ ኣብ ምህጣር ኣብዑርን ተዛማዲ ስራሕን ዝተዋፈሩ መናእሰይ ይፅገሙ ኣለዉ። ካብ ፋብሪካ ቢራ ራያ ዝርከብ ተረፈ ምህርቲ ንቀለብ እዩ ዝጥቀም። ንሱ ጥራሕ እኹል ኣይኾነን። ኣብቲ ከተማ ፋሩስካ ዘቕርብ ነጋዳይ ዘይምህላዉ ሕፅ ረት ቀለብ ከምዘጋደዶ ብምሕባር ሰብ ሃፍቲ እቲ ከባቢ ኣብ ምቕራብ ቀለብ እንስሳ ፋሩስካን ካሊእን፣ መድሓኒት፣ መዳቐሊ ካሊእን ኣብ ምቕራብ ንክሳተፉን መራብሕትን መህጠርትን እንስሳትን መቕረብትን ተጠ ቀምቲ ዝገብር ስራሕ ምኳኑ ይገልፅ።

ዘፈር ቁጠባ እቲ ከተማ ዘለዎ ሕፅረት ምግቢ እንስሳት ንምቅላል ኣብቲ ዝተወሃቦ ቦታ ቀልጢፉ ዘህጥር ተክሊ ክህብዎ ስለዝኮኑ ንክተክል ቦታ ኣመቻቺዩ ይፅበ ኣሎ። ብተወሳኺ ድማ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ቃንጫ ምሽላ ከይባኽንን ንምግቢ እንስሳት ክዉዕል ንምግባር መህጠርቲ ኣብዑር ከተማ ማይጨዉ ተወዲቦም ነቲ ቃንጫ ኣድቂቑ ናብ ስሩዕ ምግብነት ዘውዕል ማሽን ንከምፅኡ ሕቶ ኣቕሪቦም መልሲ ኣብ ምፅባይ ከምዘለዉ ይገልፅ።

ኣብ ከተማ ማይጨዉ ኣብ ዓውዲ ሃፍቲ እንስሳት ዘለዉ ሕፅረታት ሰብ ሞያ ሕክምናን መድሓኒት፣ መሳርሒ፣ መዳቐሊ እንስሳት፣ ዘመናዊ ምግብን ካልኦትን ስለዘለዎም ናብ ወረዳ እንዳ መኾኒ ተፀ ጊዖም ከም ዝሰርሕዎን እዚ ክመሓየሽን ክፍታሕን ከምዘለዎ ኣይተ ግርማይ ይገልፁ።

እቲ ኲናት ዝፈጠሮ ሎሚ ኣብቲ ከተማ ኣብ ደኣንት ዘለዉ ፀገማት ሰፊሕቲ እዮም። መናእሰይ ኣድላይነት ልቓሕ ኣብ ዝተረደኡሉ ጊዜ ብዘሎ ልዑል ሕፅረት ልቓሕ ደኣንት ናብ ባዶ ወሪደን ክተርፉ ተገዲደን ኣለዋ። ናይ ቁጠባ ዓንዲ ሑቐ ዝኾነን ብዙሕ ልቓሕ ገንዘብ ዝሓዘ ዘርፊ ኮንስትራክሽን ’ውን ዓንዩ እዩ። ንመንቀሳቐሲ ልቓሕ ምስኣኑ፣ ዓበይቲ ፕሮጀክታት ዘይምህላዎም፣ ዝተለቕሕዎ ዘይምምላሶምን ካል ኦትን ነቲ ፀገም የጋድድዎ ኣለዉ። ሓድሽ ዕቛር ዓቒ ርኻ ልቓሕ ከይወሃብ ድማ ህዝቢ ብቁጠባ ተጎዲኡ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ህይወት ክመርሕ እዩ ተገዲዱ ዘሎ። ብሓፈሻ ኣብ ደኣንት ዘሎ ፀገም ቆፂርካን ተዛ ሪብካን ዝዉዳእ ኣይኮነን ይብሉ።

መናእሰይ ትግራይ ሎሚ ገጢምዎም ዘሎ ፈተናታት ኣዝዩ ከቢድን ትዕግስትኻ ዘውድእን እዩ። ይኹን እምበር ከምቲ ወለድና “ብፀላኢ ዝተወርወረልኻ እምኒ ትሒት ኢልካ ኣሕልፎ” ዝብልዎ። መናእሰይ ትግራይ እዉን ፀላእቲ ዘቕመጡልና መንገዲ ስደት ተኸቲልና ክንጠፍእ ዘይኾነስ ፀገማትን ማሕለ ኻታትን ብብልሓትን ዘዝካኣልናዩ ትሕት ኢልናን ስራሕ ከየማረፅናን ከይናዓቕናን ብምስራሕ ንዓር ስና ንፅባሕ ጥጡሕ ባይታ ክንፈጥር ይግባእ።

**ምዕሩይን ምዕቡልን ዋሕዚ ሓበሬታ ንምርግጋፅ ንሰርሕ ! !**

ቤት ሕትመት ዳዊት ገብሩ 0914725618 - 0989021964